# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.221 ቀዳም 16 ግንቦት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ወራር ...

ገጽ 6 ምልክታ

ገጽ 10 ኣደታት ሓፋሽ


ገጽ 11 ታሪኽ ኣብ ራብዓይ ዓመቱ




## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ‘ዋዕላ ኣፍሪቃ ንቕድሚት’ ተሳቲፉ

ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ረፓብሊክ ኬንያ ኣምባሳደር በየነ ርእሶም ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ11ን 12ን ግንቦት ኣብ ናይሮቢ - ኬንያ ኣብ ዝተቓንዐ ‘ዋዕላ ኣፍሪቃ ንቕድሚት’ ተሳቲፉ።

እዚ ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶን ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮንን ብሓባር ዝዓለውዎ፡ መራሕትን ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻእን ናይ ልዕሊ 30 ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ኣፍሪቃን ፈረንሳን ሓድሽ ምዕራፍ ምዕሩይን ዘላቒን ቁጠባዊ ሸርክነት ንምምስራት ዝዓለመ’ዩ።

ኣብ’ቲ ዋዕላ፡ ብቐንዱ ኣብ ሓብራዊ ረብሓ፣ ምትእትታው ሓደስቲ ተክኖሎጂታት፣ ምስፍሕፋሕ ወፍርን ምትዕርራይ ክእለትን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ኣብ ምምሕያሽ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ውሕስነት መግቢ፡ ምክልኻል ክሊማዊ ለውጢን ካልእ እዋናዊ ጉዳያትን ኣገዳሲ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።





ብኻልእ ወገን፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ቤልጅዩም፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብ9 ግንቦት ኣብ ከተማ ብራሰልስ መበል 35 ዓመት ናጽነት ጸንቢሎም።

ጸሓፊ ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ከተማ ብራሰልስን ከባቢኣን ኣቶ ግርማይ ጉብረሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብመስዋእቲ ዝመጸትን ዝተዋሕሰትን ናጽነት ብልምዓት ንምድራዕ ሓድነቶም ኣትሪሮም ኣበርክቶኦም ከምዝዛይዱ ኣረጋጊጾም።

ቀዳማይ ጸሓፊ ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ሚካኤል ተስፋይ ብወገኑ፡ የቐንየለይ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ድሕሪ ምግላጽ፡ ዝኾነ ንኣትዎ ዘሎና ናይ ልምዓት መድረኽ ንምዕዋት፡ ተሳትፎ ኩሉ ኤርትራዊ ወሳኒ ምዃኑ ገሊጹ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያን ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ሽወደንን ኣቶ ፍስሃጽዮን ጴጥሮስ፡ ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ኣቶ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ ተሰንዩ፡ ብ11 ግንቦት ምስ ጸሓፊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሽወደን - ሚስተር ዳግ ሄርተሊየስን ካልኦት ኣካላት ናይ’ቲ ሚኒስትሪን ኣምባሳደር ሽወደን ኣብ ኤርትራን ዕውት ርክብ ኣካይዱ።

ኣብ’ቲ ርክብ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ተራ ኤርትራ ኣብ ዞባዊ ጉዳያትን ሰፊሕ ምይይጥ ድሕሪ ምክያድ፡ መንግስታት ሽወደንን ኤርትራን ንዝጀመርዎ ዲፕሎማሲያውን ቁጠባውን መደባት ንምሕያል ብሓባር ክሰርሑ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብኣት ህግደፍ ኣብ ሮተርዳምን ከባቢኣን - ሆላንድ፡ ብ9 ግንቦት ኣብ ዘቃንዕዎ ዕውት ገባኤ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ናይ ዘሰላሰልዎ ንጥፈታት ገምጋም ብምክያድ፡ ሓዱሽ ኣካይዲት ኣካል መሪጾም።

## ጽንብል ናጽነት፡ ብደረጃ ሃገርን ዞባታትን ንምምዕራግ ሰፊሕ ምድላዋት ይግበር



መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ንምምዕራግ፡ ብደረጃ ሃገርን ዞባታትን ከምኡ’ውን ማሕበረኮማት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ሰፊሕ ምድላዋት ከምዝተገብረ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ሓቢሩ።

ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሕትት፡ ኣምባሳደር ዘመደ፡ ንኣዋርሕ ዝተኻየደ ምድላዋት ብቕኒት “ጽንዓትና ዋሕስና” ዝብል መሪሒ ቴማ ዝተማእከለ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ድሮ ብቕና ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ ፈሊሙ ብውዕውዕ ሃዋህው ይቕጽል ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ንዝቐርብ መደባት ኣመልኪቱ ኣምባሳደር ዘመደ፡ 19 ግንቦት ኮኦብ ከባቢኡ ብዘዘበስ ሰልፊ ነበርቲ ዝስዕ ህያው መዚቃዊ ምርኢት - ኣብ ሜዳ ባሕቲ-መስከረም፣ 20 ግንቦት ባህላዊ መደብ ኣብ ሲነማ ሮማ፣ 21 ግንቦት ናይ መድረኽ ድራማ - ኣብ ሲነማ ኣዝመራ፣ 22ን 23ን ግንቦት ድማ ህዝባዊ ጓይላ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከምኡ’ውን ኮማዊ ዳንስ ብበፅምምሕዳር ከባቢኡ ከምዝቶየድ ገሊጹ።

ብዘይካ’ዚ፡ ንገዕዞ መኸተን ልምዓትን ዘንጸባርቑ፡ ክልተ ክፋላት ዘለዎ ስኡ ጥበባውን ስነ-ኪነታውን ምኽናዊ ኣገባብ ዝተላበሰ ምርኢት፡ ንድምቀት በዓል ናጽነት ተዳልዩ ካብ ዘሎ መሰናድኦታት’ዩ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ማዕከናት ዜና ሃገርና ብምኽንያት’ዚ ዕዙዝ ሃገራዊ በዓል፡ ካብ 19 ሚያዝያ ጀሚረን ንገዕዞ ሓርነታዊ ቃልስና ብኹሉ ሸነኻቱ፡ መኸተ ምኽባር ልኡላውነት፡ ከምኡ’ውን ገዕዞ ኩሉንትናዊ መደባት ሃገራዊ ልምዓት ብበመድረኹ ዘጠቓልል ዝተፈላለየ መደባት የቕርባ ከምዘለዋ ዝፍለጥ’ዩ።

## ዓንሰባ - ተጠቃምነት ጽሩይ ዝስተ ማይ 81 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ተሓቢሩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ውሽጢ 35 ዓመታት ናጽነት ብዝተገብረ ጻዒፍ ወፍሪ፡ 81 ሚእታዊት ህዝቢ ጽሩይ ማይ ክስቲ ከምዝበጸሖ፡ ሓላፊ ጨንፈር ማይ ኣቶ ዘርኣ ወልደትንሳኤ ገሊጹ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብጠቕላላ ተዋዲዱ ዘሎ - ብሓይሊ ኤለክትሪክ፡ ጀነሬተር፡ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ናይ ኢድ መጨንገዊን ስሕበትን ዝሰርሕ ፕሮጀክትታት 221 ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ካብ 292 ዓድታት እተን 217 ቀረብ ጽሩይ ማይ ከምእተማልኣለን ኣብሪሁ።

ዕላማ ናይ’ቲ ጨንፈር፡ “ጺጋታት ማይ ብውሕሉልን ውሑስን ኣገባብ ምጥቃም’ዩ” ዝበለ ኣቶ ዘርኣ፡ ምስ ዝሓለፈ ዓመታት ብምንጽጻር፡ ገጠራት ዞባ ዓንሰባ ዝሓሸ ኣገልግሎት ማይ ይረኽባ ከምዘለዋ ሓቢሩ።

እቲ ዞባ ብኣጻደፍን ኰቦታትን ዝተዓበለለ ስለዝኾነ፡ ውሕስነት ማይ ንምርግጋጽ - ኣብ ምህናጽ ዲጋታት፡ ሓጽብታትን ራህያታትን ምትእትታው ጸሓያዊ ጸዓትን ወሀድ ምሕደራ ጺጋታት ማይን ዘተኰረ ዕቱብ ንጥፈታት ይሰላሰል ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ከምዝድፋኣሉ ኣገንዚቡ።

ኣቶ ዘርኣ ወሲኹ፡ ጸገማት ቀረብ ጽሩይ ማይ ዘለወን ዓድታት ኣለለ’ኻ ቀዳምነታት ምስራዕ፡ ዳህሳስ ምንጪ ማይ ምክያድ፣ ምንጪታት ማይ ካብ ብከላ ምክልኻልን ኣብ ተጠቃምትን ምሕደራን ማይ ዘሎ ንቕሓት ምዕባይን ካብ’ቶም ሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይ’ቲ ጨንፈር ከምዝኾኑ፣ ምንቅልቓል ትሕተ-ቢይታዊ ማይ፡ ጨዋምነት፡ ድኽም ምሕደራ ጺጋታት ማይን ዘምጥርናፍ ዓድታትን ድማ እቶም ቀንዲ ብድሆታት ምዃኖም ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ማሪት - ንኡስ ዞባ ገለብ፣ ይግዐር - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፣ ዓድ-ሕዝባይ - ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ጃኒ - ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፣ ከምኡ’ውን ሸንደዋ - ንኡስ ዞባ ዓዲተክሌዛን ሓደስቲ ስርዓት ቀረብ ማይ ምህናጽ፣ ኣብ ማይ-ኣዋልድ፡ ዝርግሐ ካልኦትን ድማ ናይ ምሕዳስ መደብ ከምዘሎ ገሊጹ።



ዜና

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ሽፈነ ኣገልግሎት ትምህርቲ 93 ሚእታዊ ምብጽሑ ተገሊጹ

ኣብ ዝሓለፈ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት ብዘተኻየደ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተበጻሕነት ኣገልግሎት ትምህርቲ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ 93 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ - መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ገሊጹ።

ቅድሚ ናጽነት ንዝነበረ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዘይካ'ቲ ህዝባዊ ግንባር ዝቈጻጸሮ ዝነበረ ቦታታት፡ ኣብ መስመር ጽርግያ ባጽዕ - ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ዓድታት ጥራይ ተሓጺሩ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ቅድሚ ናጽነት 28 ዝነበራ ትካላት ትምህርቲ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን 684 በጺሐን ከምዝለዋ ኣብሪሁ።

እዚ ኣሃዝ'ዚ፡ ምስ'ተን ሓደስቲ ዝተኸፍታ ነቑጣታት ቅድመ-ትምህርቲ ተደሚሩ ድማ፡ ናብ 849 ክብ ከምዝበለ'ውን ኣገንዚቡ።

መምህር ረሺድ ኣስዒቡ፡ ተበጻሕነት ትምህርቲ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንምርግጋጽ፡ መደብ ዓረየት ኣብ'ቲ ሰበኽ-ሰጎማዊ መነባብሮ ዘለዎ ከባቢታት ከምዝተኣታተወ ብምግባር፡ ኣብ ናቕፋ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምውዳድ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣዶቡላ ሓውሲ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምኽፋት ዕቱብ ስራሕ ከምእተሰላሰለ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ መምህር ረሺድ፡ ተበጻሕነት ትምህርቲ ናብ'ተን ተሪፈን ዘለዋ 7 ሚእታዊት ምምሕዳራት ከባቢ ንምርግጋጽ፡ ብዘለዓለ ከምዝስራሓሉ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ 10 ንኡሳን ዞባታት ዝሓቖፋ 103 ምምሕዳራት ከባቢ ኣለዋ።



# ዓንሰባ - ልዕሊ 100 ርእሰ-መምህራን ብስርዓተ ሓበሬታ ሰልጢኖም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ምእካብን ምምስራሕን ሓበሬታ ዓቕሚ-ሰቡ፡ ንብረትን ገንዘባዊ ሕሳባትን ጸርዩ፡ ዓቕሚ ንኸደልብ ዘኽእል ስልጠና ስርዓተ ሓበሬታ፡ ካብ መላእ'ቲ ዞባ ንዝተዋጽኡ 115 ርእሰ-መምህራንን ሓለፍቲ ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታትን ተዋሂቡ።



እቲ ካብ 8 ክሳብ 12 ግንቦት ኣብ ከረን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምሕደራ ትምህርታዊ ስርዓተ-ሓበሬታ ንምውርጻጽ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ኣምር ስርዓተ-ሓበሬታ፡ ዝርግሐን ተበጻሕነትን ትምህርቲ፡ ምርግጋጽ ብቕዓት ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን መሰረሕ ምእካብን ምምስራሕን ሓበሬታ ዝጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ ዓቕምን ብቕዓትን ተመሃሮ ንምዕባይ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምትሕብባር ከም ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ይዓጥቃ ስለዘለዋ፡ እቲ ስልጠና ኣዝዩ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ስልጠና ዶ/ር ዳኒኤል ጃንምጥ ብወገኑ፡ ኣብ ሚሌታት ምንናድ፡ ምምስራሕን ኣተዓቓቕባን ዕለታዊ ንጥፈታት ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ፡ ብደረጃ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተዋፂዱ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኽተኣታቶ ዝስራሓሉ ዘሎ 'ዳታ በይዝ' ኣብ መፈጸምታኡ ይቕረረብ ስለዘሎ፡ ቀልጢፍ ምልውዋጥ ሓበሬታ ንኸረጋግጽ፡



እቲ ስልጠና ከምእተወደበ ኣረዲኡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዳይረክተር ጨንፈር ምርምርን ስታትስቲክስን ኣቶ ሃይሉ ኣስፍሃ ኣብ መወዳእታ፡ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ኣተሓሕዛ ገንዘባዊ ሕሳባትን ባጀትን ሕጋዊ መስርሕ ክኽተላ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀዋምን ሃላኽን ንብረት፡ ኣተሓሕዛ ሰነዳት፡ ምእካብ ሓበሬታ ተመሃሮን መምህራንን ስሉጥን ጽፉፍን መስርሕ ክህልወን ኣተሓሳሲቡ።

# ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት ሕርሻዊ ፍርያት ኣተባባዒ ገስጋስ ይምዝገብ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ናጽነት፡ ውሑስ ሕርሻዊ ፍርያት ኣብ ዕዳጋታት ንምርግጋጽ ሓያል ጻዕሪ ከምዝተኻየደ ገሊጹ።

ከም ወጽኢት ናይ'ቲ ጻዕሪ ድሕነትን ብቕዓትን ሕርሻዊ ፍርያት ኣብ መመስርሒ ትካላት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት ካብ 7 ዘይበዝሓ ዝነበራ፣ ደረጃታተን ዝፈላለ ትካላት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ ልዕሊ 75 ክብ ኢለን ምህላወን፡ ጽበጻብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣፍሊጡ።

ኣብ መእተውን መውጽእን ኣፍደገታት ማለት ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ወደባት ባጽዕን ዓሰብን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተሰነይ ዝርከብ ናይ ወሸባ ነቑጣታት ብዓቕሚ-ሰበን መሳርሒታትን እናሓየላ ብምምጽኣን፡ ናብ ሃገር ዝኣቱን ካብ ሃገር ዝወጽእን ሕርሻዊ ፍርያት ንምቍጽጻር፡ ቡቲ ዝድለ ቅጥዕታትን ምስክር ጥዕናን ተሰኒዩ ድማ ንኽበጽሖ ወጽኢታዊ ስራሕ ከምእተሰላሰለ ተሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ደረጃ ብቕዓት ዘሪእቲ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ዝሓለፈ 12 ዓመታት ብቕዓቱ ተረጋጊጹ ዝተባዝሐ ምሩጽ ኣዝርእቲ፡ ኣብ ዓመት ካብ 700 ኩንታል ናብ 6,000 ኩንታል ክብ ከምዝበለ ተፈሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 2007 ክሳብ 2017 ኣብ መላእ ሃገር ብዘተኻየደ መስርሕ ምውጋንን ምጕሓፍን መድሃኒት ጸረ-ባልዕ፡ ካብ ግዜ መጕዚኢቲ ኣትሒዙ ተዓቒሮም ዝጸንሑ ልዕሊ 360 ቶን መዓልቶም ዝሓለፉ መድሃኒታት፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ብምልኣኽ፡ ኣህጉራዊ ደረጃ ብዝሓለወ ኣገባብ ከምዝወገዱ ተገይሩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዝተባላሸወን መዓልቱ ዝሓለፈን 46 ቶን መድሃኒት እንስሳን ኣትክልትን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር፡ ደረጃኡ ብዝሓለወ ኣገባብ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከም ዝውገንን ከም ዝጕሓፉን ከምእተገብረ፡ እቲ ጽብጻብ የብርሀ።

ጽብጻብ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣብ መወዳእታ፡ ልዕሊ 6,500 መትሓዚታት ጸረ-ባልዕ ብውሑስ ኣገባብ ንምውጋኑ ብቴክኖሎጂ ዝተሰነየ ስራሓት ከምእተኻየደ ኣሕፊሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ኣባላት ማሕበር ወነንቲ ትካላት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና፡ ደም ለጊሶም

ኣባላት ማሕበር ወነንቲ ትካላት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ዞባ ማእከል፡ ብ12 ግንቦት ንመጀመርታ ግዜኦም ብጥርኑፍ ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ 45 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ኣወሃሃዲት ናይ'ቲ መደብ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ደም ምልጋስ ጻውዒት ዘየድልዮ ሰናይ ተግባር ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ተጠርኒፍም ኑቲ መደብ ከምዝጠገሱን ኣባላት ብንቕሓት ከምእተቐበልዎን ገሊጾም።

ኣባል ሃገራዊ ባንክ ደም ነርስ ኣብርሃም ተኽለብርሃን ብወገኑ፡ ብውልቂ ይኹን ብጥርኑፍ ዝልገሱ ወገናት፡ ኣብ ድሕነት ዜጋታት ዓቢ ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዝለዉ ብምጥቃስ፡ ብሰፊሑ ክድፋኣሉ ተላቢዩ።

ለገስቲ ብወገኖም፡ እቲ ዝገበርዎ ልግሲ፡ ኩነታት ጥዕናኦም ክፈልጡ'ውን ከምዝሓገዞም ብምሕባር፡ ኣብ እዋን ሓደጋን ሕርስን ዝፈሰሰ ደም ንምትካእን ሂወት ዜጋታት ንምድሓንን ብቐጻሊ ክልግሱ ድሉዋት ምህላዎም ኣረጋጊጾም።



# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ወራር ኣብ ሓንቲ ገጽ

ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱን ምውሓስ ልኡላውነቱን፡ በብዓይነቱ፡ ኣቕሊልካ ዘይግመት መስዋእቲ እናኸፈለ ክመጽእ ጸኒሑን ኣሎን። ብረታዊ ቃልሲ ብ1961 ካብ ዝጀምር ክሳዕ እቲ ብኢትዮጵያ ብ1998 ዝተኸፍተ ወራር፡ ብዙሓት ዓውደ ውግኣት ኣካይዱ እዩ። “ሻድሻይ ወራር፡” “ሰላሕታ ወራር፡” “ሳልሳይ ወራር፡”… ተባሂሉ ክዝንቶ ብዙሕ ግዜ ንሰምዮ ኢና። ኣብ ታሪኽና ብ‘ወራር’ ክጥቀስ እንሰምዮ ዓውደ ውግኣት፡ ኣብ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣሎ። ብ1998 ብኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኸፍተ ወራር ወይ ኲናት፡ ብ1ይ ወራር፡ 2ይ ወራርን 3ይ ወራርን ዝፍለጥ ካብ 1998 ክሳዕ 2000 ዝተኻየደ ኲናት እዩ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ወራር ብዝግለጽ፡ ኣብ ሰውራ ዝተኻየደ ኣመና መሪር ዓውደ ውግኣት እውን ኣሎ። ንሎሚ ነዚ ሸሞንተ ወራራት ዘላሊ ጽሑፍ ካብ መጽሓፍ መቐይሮ ብምውካስ ኣቕሪብናዮ ኣለና።

ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብ1961 ካብ ዝጀምር ብዙሕ ዝተፈላለየ መድረኻት እናሰገረ’ዩ ን1970 ዝበጽሐ። ኣብዚ ግዜ እቲ ዝነበረ ኣካይዳን መሪሕነትን ንህዝቢ ኤርትራ ከም ዘየርብሕ ዘስተውዓሉ ውሑዳት ንበይኖም ብምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት (ጸኒሑ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ) መስረቱ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ክኣ ክልተ ሓይልታት ሰውራ ቔይመን ነበራ። ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ መፋርቕ 1970 ብዝሒ ተዋጋኢ ሓይሊ ሰብ፡ ኣጽዋር፡ ኣወዳድባን ናይ ውግእ ተመኲሮን ሓዪለን ዝቐረባሉ ግዜ’ዩ። ብኣንጻሩ ሰራዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ሃይለስላሴ ካብ ስልጣኑ ብምእላዩ በቲ ሓደ፡ ካብ ኣሜሪካን ካልኦት ሓያላንን ትረኽቦ ዝነበረት ሓገዝ ብምቍራጹን በቲ ካልእ፡ ቀጻሊ መጥቃዕቲ ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ተወሲኹዎ ተዳኺሙ ነበረ። ካብ ጥሪ 1977 ክሳዕ ጥሪ 1978 ኣብ ዝነበረ ሓደ ዓመት፡ ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ህዝባዊ ግንባር ‘ሰብን መሬትን በብቝሩብ ሓራ ምውጻእ’ ዝብል ስትራተጂ እናተመርሐ ንዝበዝሐ መሬት ኤርትራ ሓራ ኣውጽኦ። ገለ ክፋል ምጽዋዕ፡ ኣስመራ፡ ዓሰብ፡ ዓዲቐይሕን ባረንቱን እንተ ዘይኮይኑ፡ ኲለን ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ሰውራ ኤርትራ ኣተዋ። መግዛእቲ ኩብቆዕ ሎሚዶ ጽባሕ እናተባህለ፡ ዝምድና ኢትዮጵያ ምስ ምዕራባውያን ሓያላን ብምልሕልሑ፡ ሕብረት ሶቭየት ነዚ ሃጓፍ ተጠቒማ ንደርግ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ዶላር ዝትመን ኣጽዋር ሓገዝ ገበረትሉ። ብተወሳኺ ወተሃደራውያን ኣማኸርቲ ሕብረት ሶቭየት፡ ምብራቕ ጀርመን፡ የመንን ኲባን ተጸንበሩዎ። እቲ ዝነበረ ሚዛን ወተሃደራዊ ሓይሊ ክግልበጥ ድማ ግንድ ነበረ።

ደርግ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ወያነን ከም ዓቢ ስግኣት ይጥምቶም ስለ ዘይነበረ፡ ነቲ ዝወጠኖ ገዚፍ ወፍሪ ክምክት ዝኽእል ህዝባዊ ግንባር ጥራይ ነበረ። ደርግ 300 ሽሕ ዝበጽሐ ክሳብ ዓንቀሩ ዝዓጠቐ ሰራዊት፡ ኣብ ኣፍሪቃ እቲ ዝዓበየ ሰራዊት ሃኒጹ ነበረ። ህዝባዊ ግንባር ድማ ፎኲስን ማእከላይን ብረት ዝዓጠቐ፡ ካብ 15 ሽሕ ዘይሓልፍ ነበረ። ህዝባዊ ግንባር ነዚ ናይ ሓርማዝን ጻጸን ፍልልይ ዘሎዎ ሰራዊት ኣብ ሓደ ቔይማካ ክትገጥሞ ስለ ዘይክኣል፡ ኣብ ዝጥዕም ግዜን ቦታን እናገጠምካ ኣብ እተናውሐ ኲናት ንምርብራቡ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ሓንጸጸ።

### 1ይ ወራር

(ክፍላ ሰነ)

ኣብ ኲለን እተን ሓራ ዘይውጽኣ ከተማታትን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ግንባራት ተመስረተ። ዝርካቡ ሰራዊት ሰውራ ኤርትራ ከኣ ኣብ ኲለን ግንባራት ተማቓቒሉ ነበረ። ሰራዊት ደርግ፡ ብሓሙሽተ መስመራት ከጥቅዕ መደቡ ነበረ፣ መስመር ግርሁ - ስርናይ፡ መረብ - ዓዲኳላ፡ ሑመራ - ኦማሓጀር፡ ጋሽ - ሻምቢቆን ባጽዕ - ዶጎሊን። ብተወሳኺ፡ ካብ ውሽጢ ኣስመራ ብወገን ሰሜን ከጥቅዕ መደበ።

ሰራዊት ደርግ ኣብ ክፋላ ሰነ 1978 ብኹሉ ኣንፈት ሓያል መጥቃዕቲ ፈነወ። ህዝባዊ ግንባር ከም ናይ ምክልኻል መደቡ፡ ነቲ ብትግራይ ዝመጽእ ዝነበረ ሰራዊት ደርጊ ኣብ ግርሁ - ስርናይ ዓጊቱ ሰፍ ዘይብል ከቢድ ክሳራ ኣውረደሉ። ኣብ ዝጥዕም እናተኸላኸለን እናጥቀዐን ድማ የዝልቕ ነበረ። ደርግ ንምዕራባውን ደቡባውን ኤርትራ ተቘጻጺሩ ምስ ኣስመራ ዘራኽብ መስመር ይኽፈት’ምበር ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ’ዩ ከፊሉሉ። ኣብ ክልተ ሰለስተ ኣዋርሕ ሰውራ ኤርትራ ክድምስስ እተበገሰ ደርግ፡ ኣብ ቀዳማይ ወራር ጥራይ ክልተ ኣዋርሕ ሓሊፉ ነበረ። ንሱን ኣማኸርቱን ኣብ እተናውሐ ኲናት ከም እተጸምዱ ተረድኦምን ሻቕሎት ፈጠረሎምን።



### 2ይ ወራር

(ሕዳር 1978)

ኣብ ቀዳማይ ወራር ከቢድ ክሳራ ዝገጠሞ ደርግ፡ ተወሰኽቲ ሶቭየታውያን ኣማኸርቲ ናብ ኢትዮጵያ ብምእታው፡ ሓድሽ ቅዲ ኲናት ክሕንጽጽ ግድን ኰኖ። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ኣርባዕተ ግንባራት ዓሪዱ’ኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ ሕዳር 1978፡ ደርግ ብሰለስተ ግንባራት’ዩ መጥቃዕቲ ፈንዩ። ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ቀዳማይ ወራር ዝነበረ ሰለስተ ኣዋርሕ ድፋዑ ኣደልዲሉ ስለ ዝጸንሐ፡ ንሰራዊት ደርግ ከቢድ ዋጋ ኣኸፈሎ። ደርግ ግንባራት እናመጠጠ ካብ ምጥቃዕ ኣየዕረፈን። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከኣ እናኣንስሓበ፡ ኣብ ዝጥዕሞ እናጥቀዐን ብድብያ እናሃጀመን ኣረብረቦ። ሰራዊት ደርግ ምስ ክሳራኡ ንኸረን ሒዙ ተረፈ።

### 3ይ ወራር

(ጥሪ 1979)

ድሕሪ ካልኣይ ወራር ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ መስመር ማዕሚደን ኣዝሃራን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ጎንፈሎም መከላኸሊ መስመር መስሪቱ ነበረ። ደርግ ኣብ መወዳእታ ጥሪ 1979 ብኽልተኡ መስመራት መጥቃዕቲ ከፈተ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ክሳድ ክሳድ እናተኸላኸለ ክሳብ ከባቢ ናቕፋ ኣንስሓበ። ብ13 ለካቲት 1979 ነቲ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ኰይኑ ዝተኺቱኹ ዝነበረ ሰራዊት ደርጊ ጸረ መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ከቢድ ናይ ሰብን ንብረትን ክሳራ ኣውሪዱ ናብ ሩባ ሓዳይ ኣውረዶ። ሰራዊት ደርጊ በዚ መጥቃዕቲ ስለ እተሰናበደ ዳግም ንኽውደብ ነዊሕ ግዜ ወሰደሉ። ህዝባዊ ግንባር ከኣ ረጊኡ መከላኸሊ መስመሩ ንምድልዳል ዕድል ረኸበ’ሞ፡ ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተመስረተ።

### 4ይ ወራር

(ሚያዝያ 1979)

ህዝባዊ ግንባር ዓሪዱሉ ዝነበረ ቦታታት ነዊሕ ኣኽራናት ብምዃኑ፡ ብጉድኒ ክጥቃዕ ዝኽእል ኣይነበረን። ደርግ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል እተጠቕመሉ ናይ ውግእ ስትራተጂ፡ ዘሎ ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ጠርኒፍካ፡ ብጽዑቕ ደብዳብ ነቲ ግንባር ምብሳዕ’ዩ ነይሩ። ብምሉእ ሓይሉ ትኽ ብትኽ ንድፋዓት ክበስዕ ዝፈነዎ ሓያል መጥቃዕቲ፡ ብኹሉ መኣዝን ተመኪቱ። ኣብ ግንባር ናቕፋ’ውን ብተመሳሳሊ ኣዝዩ ጽዑቕ ደብዳብ ኣሰንዩ መከላኸሊ መስመር ህዝባዊ ሰራዊት ንምብሳዕ ዘኽኣሎ’ኳ እንተ ጸዓረ ክኹነሉ ግን ኣይከኣለን። በዚ ድማ ሰራዊት ደርግ ኣብ 4ይ ወራር ተወሳኺ ከቢድ ክሳራ ተሰኪሙ፡ ብዘይ ገለ ገስጋስ ተረኺሙሹ ተረፈ።

### 5ይ ወራር

(ሓምለ 1979)

ደርግ ንሓምሻይ ወራር ክዳሎ ኣስታት ሰለስተ ወርሒ’ዩ ወሲዱሉ። 32 ሽሕ ሓደስትን ነባራትን ኣጋር ሰራዊት ብምውሳኽ ተዳለወ። ደርግን ሶቭየታውያን ኣማኸርቱን ኣብዚ ወራር፡ ብኽልተኡ ግንባራት ምጥቃዕቲ ብምኽፋት፡ ሳልሳይ ግንባር ብመንጎ ኣብ ደብዓት ከጥቅዑ መደቡ። በዚ ናይ ደብዓት ግንባር፡ ንናቕፋ ኣኽቢብካ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብድሕሪ ንምህራም ነበረ።

ደርግ ንሓምሻይ ወራር ብ13 ሓምለ 1979 ብግንባር መእድነ ሕጃቕ ጀሚሩዎ። እቲ ብኽልተኡ ግንባራት ብጽዑቕ ደብዳብ ከቢድ ብረትን ነፈርትን ተሰንዩ ፊት ንፊት እተወስደ መጥቃዕቲ መኺኑ ተረፈ። እቲ ትጽቢት እተገብረሉ ሳልሳይ ግንባር’ውን ፋይዳ ዘይብሉ ተረፈ። ህዝባዊ ግንባር ጸረ መጥቃዕቲ ብምውሳድ ክሳብ ኣፍደገ ኣፍዓበት ኣሳጎጎ።

### 6ይ ወራር

(ለካቲት 1982)

ድሕሪ ፍሽለት ሓምሻይ ወራር ሰራዊት ደርግ ብሞራልን ዓቕምን ተዳኺሙ ስለ ዝነበረ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ወራራት ቅልጥፍ ኢሉ መጥቃዕቲ ከበግስ ይኽእል ኣይነበረን። ሻድሻይ ወራር ንኽበግስ ክልተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ወሲደሉ። ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኤርትራ፡ ተ.ሓ.ኤ. ጠቕሊላ ካብ ሜዳ እትጸረገትሉ ኲናት ሓድሓድ ይካየድ ስለ ዝነበረ፡ ንኽዳሎ ሓገዝ ኰኖ። ኣብዚ ክልተ ዓመት ዝኣክል ወተሃደራውን ቍጠባውን ምቅርራባት ብምግባር፡ ሰፊሕ ፖለቲካዊ፡ ስነ ኣእምሮኣውን ዲፕሎማሲያውን ዘመተ ኣካየደ። “ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ” ዝሰመዮ ሻድሻይ ወራሩ፡ ን15 ለካቲት 1982 ክጅምሮ ተዳለወ። ደርግ ኣብዚ ዕለት’ዚ ክጅምር እናተዳለወ እንከሎ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንጡፍ ናይ ምክልኻል ስጕምቲ ብምውሳድ ብ12 ለካቲት፡ ነቲ ኣብ ምሽብሻብ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ሃንደበት መጥቃዕቲ ፈነወሉ። ደርግ ውጥኑ ከይፈሸሎ ከይፈተወ ሻድሻይ ወራር ክጅምር ተገደደ። ክሳብ ብሱዳን ዝጥወ፡ ነቲ ድፋዓት ብምምጣጥ ኣላሕሊሑ ነቲ ግንባር ክፍርስ ብርቱዕ ውግእ’ኳ እንተ ከፈተ ክሰልጦ ግን ኣይከኣለን። ድሕሪ’ቲ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ምርብራብ፡ ልዕሊ 55 ሽሕ ሰብኣዊ ክሳራ ተሰኪሙ ዘፍ በለ።

### 7ይ ወራር

(ሰላሕታ ወራር - መጋቢት 1983)

ሰራዊት ደርግ በቲ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ከቢድ ምርብራብ ‘ህዝባዊ ግንባር ተዳኺሙ ይኸውን’ዩ፡ ’ ብዝብል ግምት፡ ኣብ መጋቢት 1983፡ ‘ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ’ ዝሰመዮ ሻውዓይ ወራር ኣንቀለ። እዚ ወራር ብልሙድ ኣጸዋውዓ ተጋደልቲ፡ ‘ሰላሕታ ወራር’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ኣብ ግንባራት ሓልሓልን ባርካን እተኸፍተ ወራር፡ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኸደ መሪር ምርብራብ ተኻየደ። ከምቲ ዝሓለፈ ወራራት ክፈሽል እንከሎ፡ ሰራዊት ደርግ ኣብ ርእሲ ተዳኺሙዎ ዝነበረ መሊሱ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ወረደ። ህዝባዊ ግንባር ንድኻም ናይ ደርግ ብምግንዛብ፡ ናይ መጥቃዕቲ ውጥናት ምውጻእ ኣየዕረፈን። ኣብ ተሰነይ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ነዊሕ ተጓዒዙ ብምጥቃዕ፡ ንተሰነይን ከባቢኣን ተቘጻጸረ። ኣብ ተሰነይ ብርክት ዝበለ ኣጽዋርን ተተኳስን ከም ዘሎ ኣቐዲሙ ተጸኒዑ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ መኽዘን ኣጽዋር ጸላኢ ብምቍጽጻር፡ ሓይሊ ተተኳሲ ከኻዕብት ከኣለ።

### 8ይ ወራር

(ጥቅምቲ 1985)

ኣብ ሓምለ 1985 ህዝባዊ ግንባር ንባረንቱ ኣጥቂዑ ብምቍጽጻር፡ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ሓያል ምርብራብ ድሕሪ ምክያድ፡ ካብ ባረንቱን ከባቢኣን ኣዝለቐ። ስርዓት ደርግ ከኣ፡ ‘ህዝባዊ ግንባር ኣብ ውግእ ባረንቱ ተዳኺሙ ኣሎ፡ ’ ዝብል ግምት ሒዙ ብተብተብ፡ ‘ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ’ ዝሰመዮ ሻምናይ ወራር ኣበገሰ። ሰራዊት ደርግ ነቲ ካብ 10 ጥቅምቲ ክሳዕ 10 ታሕሳስ 1985 ኲንዶ ኹን ኢሉ ዘካየዶ ናይ መወዳእታ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ፈተነ ብዓወት ህዝባዊ ግንባር ተዛዚሙ።

ምንጪ፡

- መጽሓፍ መቐይሮ
(ካብ ገጽ 12 ክሳብ 29)
- ታሪኽ ኤርትራ፣ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ጽላት ሕርሻ
## ጕዕዞ 35 ዓመታት



ኣቶ ካሕሳይ ነጋሽ

### ገስጋስ ኣብ ንጥፈታት ሃብቲ እንስሳ

ንገስጋስ ሃብቲ እንስሳ ኣብ ዝሓለፉ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት ብዝምልከት፡ ምስ ኣቶ ካሕሳይ ነጋሽ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ግዝያዊ ሓላፊ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን እተኻየደ ቃለ-መሕትት፡ ጽማቑ ይስዕብ።

** ሕራይ ኣቶ ካሕሳይ፡ ብሓፈሻዊ ስትራተጂ ልምዓት ሃብቲ እንስሳ ንጀምር*

ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ እተፈላለየ ዓውድታት ዓቢ ጻዕርን ኣበርክቶን ክገብር ጸኒሑ እዩ። ኣብ ሃብቲ እንስሳ እንተ ርኢና፡ ነዚ ንኡስ ጽላት ንምሕያል ኣብ ሰለስተ ኣዕኑድ ምስራሕ የድሊ። ኣብ መግቢን ኣመጋግባን፡ ምርባሕ እንስሳን ሓለዋ ጥዕና እንስሳን ዘተኰረ ማለት'ዩ። ሓምላይ መግቢ እንስሳ ንምድንፋዕ፡ ፍርያምነት ጥሪት ንምዕባይ፡ መግሃጨታት ንምዕቃብን ንምስሳን፡ ጥዕና ጥሪት ንምውሓስ... ዓበይቲ ዛዕባታት ኰይኖም'ዮም ጸኒሖም። ምርባሕ ጥሪት ንኣብነት፡ ብተፈጥሮኣዊ ወይ ብሰብ ዝሰርሖ ኣገባብ ክትግበር ይኽእል። ንኣብነት ነተን ተዓጽየን ዝእለያ ናይ ጸባ ከብቲ እንተ ወሲድና፡ ብዘመናዊ ሜላ ምድቃል ናይ ምርባሕ መደባት ወይ ከኣ ንጥሪት ጀነቲካዊ ተወርሶ ናይ ምምሕያሽ ጻዕርታት ይካይድ እዩ። ካልእ፡ ኣብ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ዓቢ ስራሕ ተሰላሲሉ እዩ። ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ሰፊሕ ዓውዲ ስለዝኾነ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብዚ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት ብዕቱብ ሰሪሕሉ እዩ። ኣዝዮም ሓደገኛታት ንዝኾኑ ሕማማት ብመንገዲ ሕክምና እንስሳን ብክታበትን ንምክልኻሎምን ንምቍጽጻሮምን ክሰራሕ ጸኒሑን ኣሎን።

** ጕሊሖም ንዝተራእዩ ሕማማት ንምውጋዶም ወይ ናብ ዝተሓተ ደረጃኦም ንምውራድ ዝተወስዱ ስጉምቲታት ክተብርሃልና፧*

ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ጕሊሖም ዝረኣዩ ዝነበሩ ሕማማት እንስሳ ከም፦ ኣናሶ፡ ጕልሓይ መሰል ሕማም ጤለ በጊዕ (ነይሩን ኣሎን)፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ጕልሓይ ከብቲ (ድሕሪ 1997 ጠፊኡ እዩ)፡ ብሩሴላን ካልኦትን ክንጠቅስ ንኽእል፣ ነዚኦምን መሰልቶምን ንምክልኻል ወይ ንምውጋድ፡ ዓበይቲ ስጉምትታ እዮም ተወሲዶም። ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንኣብነት፡ ብዓቢ ኣቓልቦ እዩ ዝሰርሓሉ፣ ገና'ውን ሓያል ጻዕሪ ይግበር ኣሎ፣ ብሓፈሻ፡ ተርእዮታት ሕማማት ኣናሶ፡ ፍሮማይ፡ ጕልሓይ መሰል ሕማም ጤለ በጊዕ፡ ሕማማት ደርሁ ከም ኒውካስትልን ሕማማት ስርዓት ምስትንፋስን ካልኦትን ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናጕደለ ይኸይድ ኣሎ። ሕማም ጕልሓይ ንኣብነት፡ ምሉእ ብምሉእ ካብ ሃገረ ኤርትራ ስለ ዝጠፍአ፡ ኤርትራ ተሸሊማትሉን ምጥፍኡ ተኣዊጁን'ዩ። ሕጂ'ውን፡ ነቲ ኣዝዩ ዘሰክፍን ቀታልን ዝኾነ ጕልሓይ-መሰል ሕማም ጤለ በጊዕ ንምውጋዱ ጽዑቕ ናይ ክታበትን ክትትልን መደባት ይካየድ ኣሎ። ብሓፈሻ፡ ክሳዕ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ጥሪት ኣብ ዓመት ኢና ንኸትብ ነይርና። ኣብ ዓመት 2025 ግን ደርሁ ዘርከብኣን፡ ልዕሊ 6.1 ሚልዮን እንስሳታት ክንከትብ ክኢልና ኣለና፣ ብሓቂ ዓቢ ዝላ ንቕድሚት'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብመልክዕ ክታበት ሕማማት ክትቈጻጸር እንተ ኽኢልና፡ ካብ ሃልኪ ሕክምናን ዕድጊ መድሃኒትን ኢና ንድሕን። ነዚ ኸኣ'ዩ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣበርቲዑ ዝሰርሓሉ ዘሎ። ኣገደስቲ ዝብሃሉ መድሃኒታት ከም፦ ጸረ ረኽሲን ወሰንቲ ክታበታትን ብምዕዳግን ኣብ ሃገርና ብምፍራይን፡ ዘስግኡና ሕማማት ንምቍጽጻር ዕቱብ ጻዕሪ ነካይድ ኣለና። ብተወሳኺ፡ ንሕክምና እንስሳ ዘገልግሉ መሳርሒታት በብእዋኑ ይኣትዉ'ዮም፣ ከም ውጽኢቱ ዓመታዊ ምጕዳል ሕማማት ይምዝገብ ኣሎ። ጕልሓይ መሰል ሕማም ጤለ-በጊዕ ንምቍጽጻር እንገብሮ ዘለና ጻዕሪ'ውን ዓቢ ዝላ ኣርእዩ ይርከብ። ካልእ፡ ኣብ መላእ ሃገር ድሕሪ ናጽነት ዝተሰርሓ ልዕሊ 73 ክሊኒካት/ ሕክምናታት እንስሳ ኣለዋና። ብዓቕሚ ሰበንን ንዋተንን ክድልድላ ስለ ዘድሊ ግን፡ ዓቢ ስራሕ ይጽበየና። ወላ'ኳ ኣጋር ሓካይም በብግዚኡ ኣሰልጢንና ነውጽእን ናብቲ ናይ ገጠር ሕብረተሰብና ክበጽሑ ንጽዕርን እንተ'ሎና፡ ብዝለዓለ ደረጃ ዝሰልጠኑ ብቑዓት ሞያውያን የድልዩና። እዚ ኸኣ ዓቢ ዕማም'ዩ።



** ኣብ ምፍራይ ደርሁን እንቋቝሖን ዝተኻየደ ስርሓትከ እንታይ ይመስል፧*

ደርሆ ብቐሊሉ ምንጪ ኣታዊ ብምዃን፣ ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮን ምርግጋጽ መኣዛዊ መግብን ዓቢ ተራ እያ እትጻወት። ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ እቲ ኣብ ገጠራት ዝርከብ፡ ኣብ ናይ ገደና ደርሁ ኣተኵሩ እዩ ዝነጥፍ ነይሩ። እምበር፡ ንግዳውን ሓውሲ ንግዳውን ዝብሃል ኣምር ኣይሰርሓሉን ነይሩ። በዚ ኸኣ ቀረብ እንቋቝሖ ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ኣዝዩ ውሑድ ነይሩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ነዚ ሃጓፍ ብምልላይ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ብቐጥታ ካብ ኣፍረይቲ ሃገራት ኤውሮጳ ከም ሆላንድ፡ ጀርመን ከምኡ'ውን ካብ ጐረባብትና ከም ብዓል ግብጺ፡ ደርሁ ከእቱ ምእታው ጀሚሩ። ኣደታት ናይ ገደና ደርሁ ኣእቲና እንቋቝሖ ብምሕቃፍ፡ ኣጫጨሕና ብቐጥታ ንንግዳውያን ሓረስቶት ምዕዳል ጀሚርና። ደርሁ ኣዕኩኽና'ውን ንሕብረተሰብና ክንዕድል ጸኒሕና። ብምዕዳል ጥራይ ክካየድ ስለ ዘይክእል ግን፡ ፈለማ ኣብ ቪላጅ ተደኩና ብውሱን ዓቕን ትሰርሕ ዝነበርት ትካል መዕኰኺ ጨቓዊት፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ቀሓውታ ብዓቢ ደረጃ ከም እትድኰንን ዓቕማ ካብ ሓደ-ክልተ ሽሕ ናብ ዓሰርተ ክልተ ሽሕ ኣደታት ደርሁ ከም እትሕዝ ኰይና ተሃኒጻ። እዚ'ውን ኣኻሊ ስለዘይኰነ፡ ክሳብ ናይ ሓደ ወርሒ ጨቓዊት ኣዕኩኹን ኣብ ቀረባኦን ንዘሎ ህዝቢ ዝዕድላ መደበራት መዕኰኺ ጨቓዊት ምስራሕ የድሊ ነይሩ። በዚ ድማ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ናይ ሓደ ወርሒ ጨቓዊት ኣዕኩኹን ንሕብረተሰብና ዝዕድላ መዕኰኺ ጨቓዊት ክንሃንጽ ክኢልና። በዚ መሰረት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዛጊት ኣብዘን ዝሓለፋ 35 ዓመታት፡ ኣስታት 113 ሽሕ ኣደታት ደርሁ (parent stock) ከእቱ እንከሎ፡ ልዕሊ 8 ሚልዮን ሓደ ወርሒ ዝዕድሚኦን ጨቓዊት (day-old chicks) ድማ ናብ ተጠቀምቲ ተዘርጊሐን ኣለዋ።

ኣብ ምርባሕ ንህቢን ምፍራይ መዓርን እተራእየ ገስጋስከ፧

- ኣብዚ ጕዳይ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ገስጋስ እዩ ዘሎ፣ ቁሩብ ምልስ ኢልና እንተ ርኢና፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ዘመናዊ ቀፎ ዝብሃል ዳርጋ ኣይነበረን፣ ኩሉ ባህላዊ ቀፎ እዩ ነይሩ። ኣብ 1998 ኢና ዘመናዊ ቀፎ ክነተኣታቱ ክኢልና። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩ ዕስለታት'ውን ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ምስ ግዜ ግና ንሓረስቶትና፡ ምስተን ዘእተናየን ውሑዳት ዘመናውያን ቆፎታትን ምስ ዘመናዊ ምርባሕ ንህቢን ክነላልዮ ክኢልና ኢና። ኣብ 1991፡ ኣስታት 19 ሽሕ ዕስለ ኣናህብ ጥራይ ምንባሮም ይግምገም። እዚ ቍጽሪ ብዘገምታ ዕብየት እናኣርኣየ፡ ኣብዚ እዋን ናብ ልዕሊ 46 ሽሕ ዓብዩ ይርከብ። ባህላዊ ቀፎ ንህቢ ብዘመናውን ጋብላውን ቆፎታት እናተተክአ ይመጽእ ኣሎ። ካብዞም ኣብዚ እዋን ጠቕላላ ዘለዉና ቁጽሪ ኣናህብ፡ እቲ 51 ሚእታዊት ብዘመናዊ ቀፎ፡ 41 ሚእታዊት ብባህላዊ ቀፎ፡ ዝተረፈ 8 ሚእታዊት ድማ ብጋብላዊ ቀፎ ተታሒዙ ይርከብ። ሳላኡ ድማ ሎሚ ኣብ ኵሉ ኩርናዓት ሃገርና፡ መዓር ኣሎ። ዋጋኡ ድማ ካብቲ ኣብ ፈለማ ተስዓታት ዝነበሮ፡ ብልዕሊ ፍርቂ ወሪዱ ከም ዘርከብ ይፍለጥ።

** ሕራይ ኣቶ ካሕሳይ፡ ናብ ልምዓት ጸባ ክንሰግር።*

ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ'ውን ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ጥራይ እዩ ነይሩ። እዘን ጋሙስ ንብለን ከብቲ፡ ኣብ ደቀምሓረ፡ ዒላበርዕድ፡ መንደፈራ፡ ከባቢ ሓልሓል፡ ከረን፡... ጥራይ እየን ነይረን። ሕጂ፡ መንግስቲ ዘበገሶ ዓቢ ናይ ምርባሕ ከብቲ ወፍርታት ኣሎ፣ ኣብ ዒላበርዕድ ዝካየድ፡ ድሕሪ ናጽነት ካብ ደገ ምሩጻት ዓሌት ኣርሕታት (ብፍላይ መልኣት) እናኣእተኻ፡ ምስሳን ናይ ጸባ ከብቲ ተኻዪዱ እዩ። እዚ ናይ ሓልሓል መደባት ብኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ'ውን ዓቢ ወፍሪ እዩ። እዚ፡ ምህርቲ ጸባ ኣብ ምድንፋዕን ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ኣብ ምዕባይን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብ ምምስራሕ ጸባ እንተመጺእና፡ ጸባን ውጽኢት ጸባን ዝምስርሓ ትካላት፡ ኣብ ፈለማ እዋን ናጽነት ሰለስተ ጥራይ ዝነበራ፡ ሕጂ ዓሰርተ ትሽዓተ በጺሐን ይርከባ። ርግኦ ናይ የመን ንሰቲ ነይርና፣ ሕጂ ንሱ ተሪፉስ እተፈላለየ ጣዕሚ ዘሎዎ ርግኦ ይፈሪ'ሎ። ኣብ መስራሕቲ ፎርማጆ እንተ ርኢና'ውን፡ ንዕዳጋታትና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንሰደድ ከጠምተና ዝኽእል ኣንፈትን ብቕዓትን ሒዝና ኣለና።

ብርሃነ ዓንደመስቀል

ስምኦን ሓጐስ

***





ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ሶፊያ ፍቓዱ ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት- ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ዛዕባ ሎሚ

## ጽኑዕ ህዝቢ ትስፋው መጻኢ

ዊንታና ንርኣዮ

መበል 35 ዓመት ጽንበል ናጽነት ኤርትራ፣ "ጽንዓትና ዋሕስና!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፣ ከምቲ ልሙድ ኣብ ኩሉ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ሃገር፣ ትካላት መንግስቲን ሕብረተሰብን፣ ሃገራውያን ማሕበራት፣ ኩባንያታትን ሰራዊትን ከምኡ'ውን ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡሉ ሓያሎ ከተማታት ዓለምን፣ ብምዕሩግ ባህላዊ ስነጥበባዊ ማሳናድኦታት፣ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ደምቀትን ንምጽንባል ተኣንጊዑ ተሸባሺቡ ይበዓል ኣሎ።

ሓሊፉ ካልእ ምረት መንእሰ፣ ዝረኣዩ፣ ናጽነት ንምድላይ ነዊሕን ጽንኩርን ጉዕዞ ብጽንዓት ሰጊሩ ከብቅዑ ናጽነት ምስ ተጎናጸፈ እውን ልኡላውነቱ ከየድፍር ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታትን ሽርሒታትን ብልዑል ተጻዋርነት ዝመከተ፣ ንስለ ናጽነቱን ሰብኣዊ ክብረቱን ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ዝኸፈለ ኂ. ኂ'ዚ. ተረር መኸተ'ዚ. ተወፋይነት ኣሰርጊ፣ መሰረታት ዘላቒ ልምዓት ኣብ ምንጻፍ ከይተሓለለ ዝሰርሕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንዕለተ ናጽነቱ ዓመት መጺ እናበርኸ ብዝኸይድ ሃገራዊ ወኒን ስሚዒትን ዝያዳ ተምሳጥ ብዝፈጥር ምርኢትን ደምቀትን ምስ ጸንበለ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ንዕለተ ናጽነቱ ብልዑል ክብርን ማዕርግን ዘጽንበሉ እቲ ናብዛ ዕዙዝ፣ ዕለት ንምብጻሕ ዘሕለፎ ተጋድሎ ብኣፈጻጽማኡን ቅያታቱን ፍሉይን መዳርግቲ ኣልቦን ብምዃኑ ጥራይ ኣይኮነን። ድሕሪ ናጽነት እውን፣ ህንጸት ሃገር ከየሳልጥ ንምሕንኻሉ ዝተሃቀነ እልቢ-ልቦ ተጻብኦታት እናበርዓ፣ መሰረታት ልምዓት ኣብ ምንጻፍ ዘርኣዮ ሓይሊን ጥምረትን ጽንዓትን ንርዝነትን ትርጉምን ዕለተ ናጽነቱ ዝያዳ ስለዘዕዘዞ እዩ።

ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ኣብ ሓደ ካብ ዕለታት ጽንበል ናጽነት ኣብ ዘስመዖ መደረ፣ "ናጽነትን ትርጉሙን ክብሩን በቲ ዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲን ዝተኸፍለ መስዋእቲን ጥራይ ዘይኮነ፣ በቲ ንምሕላዉን ንምህናጹን ዝተየደ ቃልሲን መስዋእቲን'ውን ዝትመንየ" ዝበሎ፣ ኣብዚ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፣ ምስ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ተራጺሞም ዝበርዑ ተጻብኦታት ጸብጺብካ ዝውድኡ ኣይኮኑን፣ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓታትና ኣየገልግለንየ" ኢሎም ዝኣመኑ ሓይልታት፣ ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን



ጀሚሮም መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ንምድቋስ ተረባሪቦም ከይኣክሉ፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብጽንዓትን መሰታ ዘይርከቦ ጅግንነትን ኣኽሊል ናጽነት ድሕሪ ምድፍኡ እውን፣ "እፎይ" ኢሉ ሃገሩ ከይሃንጽን ከየማዕብልን፣ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ህንጸት ሃገር ምዝራግ ዝዕላማኡ፣ ካብ ቅሉዕ ወተሃደራዊ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ግሁድን ስውርን ሽርሒታት ብምፍጻም፣ ጀሆ ናይ ዝተፈብረኸ ዞባዊ ቅልውላዋት ኮይኑ ንኽትሓዝ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ቁጠባውን ዲፕሎማስያውን ተሳትፎ ከምዘይብር ንምግባር፣ ዘኽኣሎም ሓኺት ኢሎም እዮም።

የግዳስ ተጻብኦታቶም ምስናይ ጸዕቆን ዓይነታቱን ትሕቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ስለዘኾኑ፣ ማህሰይቲ ኣየውረደን እኳ እንተዘይተባህለ፣ ዕላማኦም ኣይወቐዐን። እኳ ድኣ መመለሱ ህዝባዊ መኸተን ጽንዓትን ከዕንትር ምጽንሑ ርኡይ እዩ። ኩሉ ዝተፈተነ ሽርሒን ተጻብኦታትን ንህዝቢ ኤርትራ ጀሆ ክሕዞ ካብ ስራሕን ግስጋሰን ክበኩሮ ኣይተኻእሎን። ብዘኾነ ዓይነት ዕንቅፋት ከይተረበሸ፣ ብጽንዓት ኣብ ዕላማኻ ረጊጽካ ምቕጻልን ምዕዋትን ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ ዝተሞኮሮን ዝመለኾን ጉዕዞ ስለዘኾነ፣ ሳላ'ዚ ዘኸተሎ ባህሉ፣ ባህሊ ጽንዓትን ዓያዩነትን ደማ፣ ዓመት መጺ ኣብ መሳልል ህንጸት ሃገር ናብ ዝሓሸ ደረጃ እናሓኸሩ ናብ ብሩህ መጻኢ ዝያዳ እናቐረበ ይኸይድ ከምዘሎ ርኢና እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንበል ናጽነቱ ከኣ፣ ካብቲ ብውሽጣዊ ዓቕሙ ኣገዲሩዎ ኣብ ዘሎ ድልዱል ውሑስ ባይታ ረጊጹ፣ ኣብ ማእከል'ዚ ብቕልውላዋትን ግጭታትን ዝሕመስ ዘሎ ዞባ ውሽጣዊ ሮግኣቱን ሰላምን ኣውሒሱ፣ ልምዓታዊ ጉስጓሱ ብዘለዓለ ናህሪ ንምውንጫፍ፣ "ጽንዓትና ዋሕስና!" ብዝብል ስሙር ቃል፣ ሙብጽዓኡ የሐድስ ኣሎ።

ዝሓለፈ ጉዕዞና፣ ዕወትን ውሕሱን ዝገበሮ፣ ዘይንቕንቕ ጽንዓትና እዩ። ሕጂ እውን ዋሕስ ዓወትናን ልምዓትናን እዚ ሓደ ካብ ሃገራዊ ክብርታትና ዝኾነ ብሉጽ ረቛሒ'ዚ. እዩ። እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት ሰጊርናን፣ ኣብ ዝሓሸ ባይታ ረጊጽናን፣ ካብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝበለጸን ጫብጣብን ዕድላት ሒዙና ኣብ ምግስጋስ ስለንርከብ ኮኦ፣ ብጽንዓትናን ስራሕናን ዘላቒ ልምዓት ከረጋግጽ ዝኽእለና ሓይሊ ከምዘይህሉ ዝሓለፈ ታሪኽና ምስክር እዩ። ክብርን ሞገስን ንዘይሕለልን ዘይጸዓድን ጽኑዕ ህዝብና!

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፣ ካልኦት ህዝብታት ክጻወርዎ ዘጸግም ተጻብኦታት ዝተፈላለየ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ሽርሒታት እናመከተ፣ ማዕረ ማዕረኡ፣ ብዓንኬል ብደሀታት ጀሆ ከይተታሓዘ፣ ሰር በተኽ ቁጠባዊ ለውጢ ዘምጽእ ስትራተጂያዊ ወፍሪታትን መደባት ልምዓትን ክተግብር ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ'ዚ ፍሉይ ታሪኻዊ መድረኽ'ዚ፣ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ወተሃደራዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላውን ዲፕሎማስያውን ዓውድታት ክድለብ ዝጀነሐ ዓቕሚ፣ ዝተዋህለለ ጉስጋሱ ዝተቐልቀለ ትሰፋው ደረተ-ትርኢት፣ ፍረ ዘይጸዓድ መንፈስን ሕልናን ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፣ ንሓይልን ብቕዓትን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣገሊሑዎ እዩ።

ሮግኡ እዩ ናብ ግዚያዊ ፍታሕ ከየድሃበ ተጻሚምና ነባሪ ፍታሕ ዘምጽኡ ስትራተጂያውያን ወፍርታት ክተግብር ብምጽናሕና፣ ኣብ መሰረት ሓያል ጸቕጢ ጸኒሑና እዩ። እንተኾነ ሳላ ዝተጸመምና፣ ካብ ጸግዕተኛነት ዝተላቐቐ፣ ኣድ ካልኦት ዘይጥምት፣ ብምቁራጽ ረድኤትን ሓገዛትን ዘይሰናበዱ፣ ዝበዝሕ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምታቱ ዝምርኮሰ ሃገራዊ ቁጠባ ንክህልወና ክለይዶ ኣብ ዝጸናሕና ጸዕሪ ጸቡቕ ክንጸንም ክኢልና ኣሎና። እዚ ሓቂ'ዚ፣ ቃላት ዘይኣክሎ መግለጺኡ፣ ናብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ሃገር ኣብ እትንቀሳቐሰሉ ብዓይኒ ምርኣዩ ዝከኣል እዩ።

በቲ ዛጊት ዘተግበርናዮ ብዙሕ ጎድናዊ መደባት ልምዓት፣ ማይ ናይ ምውሃሃል ዓቕምና ከም ዝዓበ፣ ፍግረ-መሬትን ብርሰት ኣኽባቢን ብምጣዑ ከም ዝፍወስ፣ መልክዕ ሃገርና ከም ዝልወጥ ክንገብር በቒዕና ኢና። ጸገማት ተጻዊርናን ብልዑል ትግሃትን ተወፋይነትን ብዘሰላሰልናዮ ስርሓት፣ ኣብ ጠይኑ ከበባታት ሃገር፣ ሕርሻዊ ጸጋታትና ብበቐዓት ክንምዝምዝ ዘኽእለና መሰረታዊ መንጸፍ ኣዋዲድና፣ ነቲ ኣብ ዝናብ ዝምርኮስ ያታዊ ኣገባብ ማሕረስ ናብ ዘመናዊ ሕርሻ ኣብ እንቕይረሉ ኣጥቢቑ መቓይሮ በጺሕና ኣሎና። ከም ባህርይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጸጸኒሑ ዝኸሰት ዋሕዲ ዝናብ ዘውረዶ ሓሲያን ዘኸትሎ ጥሜትን ዓጸቦን ብዘየገድስ፣ ኣብ ኤርትራ ጥሜት ዘይብሉ ሃዋህው ኣብ ምርግጋጽ ዕወት ስራሕ ክሰላሰል ክኢሉ እዩ። ከም ወጽኢት ናይቲ ክዋድዶ ዝበቓዕና ትሕተ-ቅርጺ ሕርሻ፣ ካብ ሕጂ ንድሓር ምህርቲ ሕርሻና ብዓይነትን ብዝሕን እናበርከተ ክኸይድ ምኻኑ ደማ ርዱእ እዩ። ዕቤት ሕርሻዊ ምህርቲ ከኣ ሕርሻዊ ምህርቲ ዝምስርሑ በበዓይነቶም ኣግሮ ኢንዱስትሪ ትካላት ንምምስራት ድርኺት ዝፈጥር እዩ። ኂ. ኂ'ዚ. ሕርሻዊ ምህርቲ ንምዕባይ ዝተየደ ዘሎ ጻዕርታት፣ ምህርቲ ዓሳን ካብኡ ዝርከብ እቶትን እውን ካብ ዓመት ንዓመት እናዓበየ ከምዝኸይድ ንምግባር፣ ውጥን ወጺኡ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝሓሸ ደረጃ ይሰርሓሉ ኣሎ።

ኣብ ትሕቲ ቅርጺ ብዘሰለጥናዮ ዕማም፣ ንደርማስ ቁጠባዊ ንጉዳውን ንጥፈት ባብ ከፊቱ በቒዕና ኣሎና። ባህርያዊ ማዕድናዊ ሃብትና ከምቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝርአ፣ ኣብ ክንዲ ንረብሓ ኩባንያታት ወጻኢ ጥራይ ዘገልግል፣ ህዝቢን ሃገርን ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ጸጋ'ዚ ክኾኑ፣ መንግስቲ ብዙሕ ገዝኣዊ ወፍሪ ብምግባር ኣብዚን ናይ ዕደና ኩባንያታት ዝህልወና ብርኽታት ብምዕባይ፣ ኣብ ጸጋታትና ምዕሩያት ተኻሪኽቲ እንኸውሉ ባይታ ፈጢሩ ኣሎ። ኣብ ቱሪዝምን ኢንዱስትሪን ደማ ኣገዳስቲ ትካላትን ፕሮጀክትታትን ክትግበር ጸኒሑ፣ ነዊሕ ኣብ ዘይወሰደ ግዜ፣ እዚ ጸላት'ዚ፣ ኣብ ቁጠባዊ ዕቤትና ዓቢ ድርኺት ክፈጥር ናብ ዘኽእሎ ደረጃ ክሰጋገር ትጽቢት ይግበር። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ጸርግያታት፣ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፣ ቀረብ ጸዓት፣ ኣገልግሎት መጎዓዝያን መራኸቢታትን ንምርግጋጽ ብዘይምምቃው ስርሓት፣ ርሑቕ ዝበሃል ዝበረ ከባቢታት ሃገርና ብናይ ሓደት ሰዓታት ጉዕዞ ከም ዝበጽሑ፣ ጸልማት ዝበረ ከተማታትን ዓድታትን ብርሃን ከም ዝዕደል፣ ብቴለፎንን ካልእ ቴክኖሎጂ መራኸቢታትን ምስ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ከም ዝተኣሳሰር ብምግባር፣ ንዝተፈላለዩ ንግዳዊ፣ ሕርሻዊን ቁጠባዊን ንጥፈት ምቹእ ባይታ ክንፈጥር በቒዕና ኣለና። ተጉዳስነት ናይ ወሽጥን ግዳምን ኣውፊርቲ ኣብ ሕርሻ፣ ዕደና፣ ኢንዱስትሪን ጸላት ቱሪዝምን እናዓበየ ክመጽእን ናብ ግብራዊ ተበግሶታት ክሰጋገርን ንርኢ. ዘለና ደማ ወጽኢት ናይዚ ጻዕሪ'ዚ. እዩ።

ኣብቲ ቀንዲ መግለጺን መርኣያን ሰብኣዊ ምዕባለ ዝኾነ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣውራ ደማ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናን ትምህርቲን እውን እንተኾነ፣ ኩሎም ዜጋታትና ብሕልፊ ደማ፣ ኣብቲ ኣገልግሎታት ተሓሪምዎ ዝጸንሐ ርሑቕ ገጠራት ዝርከቡ ዜጋታትና፣ ዕድል ትምህርቲን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕናን ዝረኽቡሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር፣ ብኣህጉራውያን ትካላት ከይተረፈ ናእዳ ዝትረፈ ዓወታት ኣመዝጊብና ኢና። ብዓሶ ዝስዕብ ዝበረ ኣዝዩ ብዙሕ ማጠነ ሞት ክውገድ ምኽኣሉ፣ ኩሎም ቈልዑ ክታበት ዝረኽቡሉ፣ ኣዴታት ኣብ ግዜ ጥንሲን ሕርሲን ብቐረባ ክንክን ዝረኽቡሉ ኩነታት ምፍጣሩ፣ ንሉሕ መርኣያ ናይቲ ከም ወጽኢት ጻዕሪ ህዝብን መንግስቲን ዝተረጋገጸ ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ እዩ። ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ክፈሰስ ብዘጀንሐ ገዚፍ ወፍሪ፣ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ መንእሰያት፣ ብዝተፈላለየ ሞያታት ስልጠናዊ ክምረቑ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ።

ካብዚ ዝተጠቕሰ ኩለንተናዊ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ግስጋሰ ንላዕሊ ሚዛን ዝወሰደ፣ ህዝቢ ኤርትራ ክውንኖ ዝጸቕዐ ዝዓበየ ጸጋ እውን ኣሎ። ማሕበራ-ስነኣእምሮኣዊ ጸጋ። ህዝቢ ኤርትራ፣ ሳላ'ቲ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ብሓባራዊ መስዋእቲ ዝሰስዓኡ ሓያል ሃገራዊ ሓድነት፣ ብፍቕሪ ሰላምን ሓድሕድ ምትሕልላይን ዝግለጽ፣ ኩሉ መልክዖት ኣድልዎ ብምውጋድ ምዕሩይ ዕድላት ዘረጋገጸ፣ ዕዋን ዓያይነትን ዝኽበረሉ ዘለዓለ ባህሊ ኣብዚ. ባህሊ'ዚ. ዝሰረተ ርጉእ ፖለቲካዊ ስርዓትን ክፈጥር በቒዑ ኣሎ። እዚ ረቛሒ'ዚ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ካልኦት ሕብረተሰባት ብቐሊሉ ዘይርከብ ውሽጣዊ ሰላምን ጸጥታን ዘውንን፣ ሰጊኡ ከይበለ መሬቱ ኣይልዳሉ ዝረገጸ፣ ካብ ግዳማዊ ተጻብኦታት ክጥንቀቕ እንተዘይኮይኑ ኣብ ውሽጡ ስክፍታ ዘይብሉ ህዝቢ ክኸውን ኣኽኢሉዎ ኣሎ።

እዚ ዛጊት ዝሰርናዮ ልዑል ተጻዋርነት ዝጠልብ ታሪኻዊ መድረኽ፣ "ታሪኽ ምርግጋጽ ደርማስ ቁጠባዊ ዕቤት ብውሱን ጸጋታት" ተባሂሉ ክግለጽ ዝከኣል እዩ። ምስጢር ስሉጥ ግስጋሰኡ ደማ ካልእ ዘይኮነ፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብግዕረ ዝኸፈሎ ክቡር ዋጋ፣ ንባህጉ እተገዝአርቐ ክብርቲን ስልጥንቲን ሃገር ንምህናጽ ዝበሮ ብርቱዕ ድሌትን ሃገራዊ ወኒን እዩ። ሓያል ናይ ዓያይነት መንፈስ ንምፍጣር ዝሓለነ እማባር፣ ኣብ ምጽወታ ዘይምርከስ ዘቤታዊን ጉዳማዊን ፖለቲካውን ቁጠባዊን ፖሊሲታት መንግስቲ ኤርትራ ከኣ፣ እቲ ንህጊ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ግብራዊ ዕዮን ዝቐጥቦ ወጽኢትን ዝቕየረ ዝዓበየ ረቛሒ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፣ ድኽነትን ድሕረትን ንምውጋድ ብሓያል ድሌትን ተወፋይነትን ህንጸት ሃገር ብምቕጻም ብዙየደ ጻዕሪ እማባኣር፣ ኤርትራ ዘይከስምቲ ነደይቲ ዝሓልምዎ ድርኩኺት ብሩህ መጻኢ ክትረግጽ በቒዓ ኣላ። ደጊም፣ ሓሰሙቲ እከይ ዝመዛኡ እንተኾይናም፣ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ሽርሒን ተጻብኦን ከም ዘየሰናኽሎ ተገንዚቦም ተስፋ ብምቑራጽ፣ ካብ ሕልሞም ዝበራበሩሉ እዋን ኣኺሉ እዩ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

| Zara Mining Share Company | **Vacancy Announcement** |
|---|---|
| **Position:** | **Underground Maintenance Auto-Electrician** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | Maintenance Supervisor |
| **Primary Responsibility** | Position Overview: The Underground Maintenance Auto-electrician will repair and troubleshoot Sandvik underground mining equipment. The ideal candidate will have a strong background in electrical systems and focus on ensuring optimal performance and reliability of equipment in a challenging underground environment. |
| **Duties:** | - Diagnose and repair electrical issues on mining machinery.<br>- Conduct inspections and tests to ensure equipment is operating safely and efficiently.<br>- Maintain accurate records of maintenance activities and repairs.<br>- Collaborate with the operations team to minimize equipment downtime and maximize productivity.<br>- Adhere to all safety protocols and regulations to ensure a safe working environment.<br>- Provide technical support and training to junior electricians and operators.<br>- Stay updated with the latest advancements in Epiroc and Sandvik equipment and maintenance practices. |
| **Educational Qualification & Experience** | - Minimum of 3 years of experience working on Sandvik underground equipment.<br>- Strong knowledge of mechanical, hydraulic, and electrical systems.<br>- Ability to read and interpret technical manuals and schematics.<br>- Excellent problem-solving skills and attention to detail.<br>- Strong communication and teamwork abilities.<br>- Ability to work in a physically demanding and challenging underground environment.<br>- Commitment to safety and continuous improvement.<br>- Perform routine and preventive maintenance on Sandvik underground equipment.<br>- Diagnose and repair electrical issues on mining machinery.<br>- Conduct inspections and tests to ensure equipment operates safely and efficiently.<br>- Maintain accurate records of maintenance activities and repairs.<br>- Collaborate with the operations team to minimize equipment downtime and maximize productivity.<br>- Adhere to all safety protocols and regulations to ensure a safe working environment.<br>- Provide technical support and training to junior electricians and operators. |
| **Other skill & abilities** | ▪ Physically fit and healthy.<br>▪ Strong communication and interpersonal skills.<br>▪ Team player<br>▪ Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>▪ Must be able to work and perform under pressure.<br>▪ Good verbal and written communication skills in English<br>▪ Flexibility to work outside of regular business hours if required.<br>▪ Must be able to work under minimum supervision.<br>▪ Perform any other duties as requested by your supervisor. |
| **Key Performance Indicators:** | ▪ Willing to undertake tasks requested by management outside the job description should the need arise |
| **Salary** | As per the Company scale |

**Additional Requirement for nationals**: - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Défense. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara**,

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

**Deadline for application**: 7 days from the day of announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

We are seeking to hire the following staff:
١. Public Relations Coordinator
٢. Assistant Accountant
٣. Secretary
4. IT Specialist
5. Driver
6.Hospitality Worker
7. Cook

**❖ Public Relations Coordinator (Both Gender):**
• University degree in Public Relations or equivalent
• Minimum 3 years of experience
• Excellent communication skills

**❖ Assistant Accountant:**
• Degree in Accounting or Finance
• Minimum 3 years of experience in the same field

**❖ Secretary**
• Degree or certificate in secretarial science, the same field or equivalent
• Minimum 3 years of experience in the same field

**❖ It Specialist (Both Gender):**
• Degree in the IT technology, same field or equivalent
• Minimum 3 years of experience in the same field

**❖ Driver:**
• Valid driver's license
• Experience driving and traveling within and outside Asmara

**❖ Hospitality Worker (Both Gender):**
• Degree in the same field or equivalent
• Minimum 3 years of experience in the same field

**❖ Cook**
• Minimum 3 years of experience or equivalent in the same field

**❖ Required Qualifications:**
• Age not exceeding 35 years
• Proficiency in Arabic, English, and Tigrinya (depending on the position)
• Good conduct and character
• Ability to work as part of a team
• Exemption from or discharge from national service, with proof from the Eritrean Ministry of Defense
• A clearance certificate from the current/previous employer
• Attach required documents (CV, experience certificates, copy of national ID card, etc.)
• Submitted documents will not be returned.
• Work Location: Asmara
•Send Aapplications to P.O. Box 9315
• CV submission deadline: 11/6/2026.

## Notice

Notice is hereby given to the public the current shareholders of "*Joy Center PLC*" in their extra ordinary meeting conducted on 14th day of March 2026 have passed the following resolution.

1. Whereas, according to the judgement of First Instance Court of Asmara 2 shares of the deceased Reshan Gebregzabher Tesfu is transferred to Tsigereda Tewolde Mered.
2. Sara Asmelash Asfha is admitted as a new member contributing 2 shares.
3. The Company has added new business activity of Duplication and retail of Cassettes and CD.
4. Now and therefore, the shares of the members are managed as follows:

| No | Name of shareholders | Previous shares | Current shares | Amount in Nakfa |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Tsigereda Tewolde Mered | 198 | 200 | 20,000.00 |
| 2 | Sara Asmelash Asfha | | 2 | 200.00 |
| | | | Total | 20,200.00 |

Joy Center PLC

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ፍጹም ኣድሓኖም በርሀ፡ ስም ኣደይ ለተየሱስ ገብረዝጋብሄር ተላ ምግል ተሪፉ፡ ኣድሓኖት ተኽኤ ዝግታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ፈረወይኒ ገብሩ ሃብተ፡ ተኸሰሲ ኣቶ ኣብርሃለ ኣለም ገብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር

ኣነ በቱል ኣሕመድ ሰዒድ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 01 ዝርከብ፡ ኣብ ዞን 01 ፕሎት 186K 1372 ጎደና 38/355 ስፍሓት 36.80 ት/ሜትሮ ዝሾኑ 2 ክፍሊ ዘለዎ ናይ ትካል ገዛ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር BRKRN000773/3 ዝተመዝገበ፡ ብወርሻ ካብ ብዓል ቤተይ ነ/ሄር መሓመድ ስራጅ ሱሌማን ሰዒድ ዝወረስኩዎ ኮይኑ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ናብ ቤ/ፍ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሐዘ ናብ ጨ/ቤ/ጽ ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።


በቱል ኣሕመድ ሰዒድ

ብስም ፍረወይኒ ገብረእግዚኣብሄር በርሀ፡ ኣብ ምም/ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ሃገር ፕሎት 76R ፓርሰል ኣ1ዝፍለጥ 238 ት/ሜ ብቑጽሪ ካዳስተር 1BRASM019666 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ፡ ናብ ስም ዓደግቲ ከሕልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሐዘ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየቕረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ኣመልካቲ ወልደገርጊስ ገብረስላሴ ሃብተሚካኤል
ጉት መሰ ብዛል

## ዘሐጉስ ዜና ነፍቀርቲ መጻሕፍቲ

**ካልኣይ ሕታም መጽሓፍ:**
**"ድልያ ንሓርነት፡ ዝኽርታተይ ኣብ ገድሊ ኤርትራ"**





ጉዕዞ ታሪኽ ሓርነታዊ ኩናት ሓቀኛ ሓበሬታ ብመገዲ ዝኽርታት ማእከል ዝገበረት፡ ኣብ ቀዳማይን ዝተመሓየሸን ሕታማት ዝቐረበ ሃናጺ ርእይቶታት ብምምርኳስ፡ መአረምታን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ኣማሊኣ ካልኣይ ሕታም ተዘርጊሓ ኣላ። ዓድጉዋ፡ ወንኑዋ!

ኣከፋፈልቲ፡- ኣብያተ-መጽሓፍ ኣውገት፡ ኣርት ጋለሪ፡ መረብ ስተሽነሪ፡ ኣምባሳደር ስተሽነሪ፡ ሰቲት ስተሽነርን ካልኦትን።

ደራሲ፡ ሃብተሚካኤል ወልደጊዮርጊስ
ቴሌፎን፡ 07238497

# ጽንዓትና ዋሕስና!

## ጽምብል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት



ስእሊ-ስውእ የማነ ኣብርሃ
ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ውዕሎ ቅድመ ትምህርቲ ብስእሊ







ቅድመ ትምህርቲ ርስትና



## ጉደናታት ኣስመራ፡ ጉደና ናጽነት

**ወርሒ ግንቦት፡ ጸሓይ ናጽነት መሊኣ ዝበረቐትላ ወርሒ እያ። ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ድማ መበል 35 ዓመት ንጽንብል ኣለና። ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ተመሃሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጉደና፡ ንመዓልቲ ናጽነት ዘንጸባርቑ፡ ጭርሖታት፡ ስእልታት ብምድላው መዓልቲ ናጽነት ብኸርዓት ይጽንብሉ። ንሕና ድማ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ኣብ ጉደናታት ኣስመራ ተዛዊርና ምስ ተመሃሮ ዝገበርናዮ ዕላል ይስዕብ።**

ኣብ ምምሕዳር ጸጸራት፡ ቤት መኻእ ኣብ ዝኸድናሉ ደቂ ኣንስትዮ ተመሃሮ ባዕላተን ዘዳለውኦ፡ ብንኣሽቱ ኣእማን ዝተሰርሐ ካርታ ኤርትራ፡ ባንዴራ ኤርትራ ከምኡ'ውን ጽሑፍ ተዓዚብና። ነቲ ጥበብ ዝሓለፎ ስርሓት ድሕሪ ምዕዛብ ድማ ምስ ሓንቲ ካብተን ተመሃሮ ኣዕሊልና። ተመሃሪት



ሆሳእና ርእሶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓድነት ተመሃሪት 6 ክፍሊ ኮይና፡

"እዚ ዘዳለናዮ ስእሊ ንመዓልቲ ናጽነት ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ወፊያ እናበልና ገንዘብ ንእክብ። እቲ ዝኣከብናዮ ገንዘብ ብግቡእ ኣዋህሊልና፡ ንስድራና ብምሃብ፡ ስድራና ድማ በቲ ዝተዋጽአ ገንዘብ ሕንባሻ ገዚኦን ናይ ምዝንጋዕ መደብ ይገብራልና፡" ብምባል ብዛዕባ ዝገበርኦ መደብ ገሊጻ።

ተመሃሪት ሆሳእና ንተዓዘብቲ ኣመልኪታ፡

"ኩሎም ነዚ ዘዳለናዮ ምስ ተዓዘቡ ኣዝዮም ይሕጎሱ። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናጽነትን ናጽነት ንምምጻእ ዝተኸፍለ ዋጋን ድማ የዘንትዉልና። ንሕና ድማ ጽን ኢልና ንሰምዖም። ብዛዕባ ታሪኽ ሃገርና ድማ ክንፈልጥ ሓጊዙና ኣሎ።" ብምባል ኣዝያ ሕጉስቲ ምዃና ሓቢራትና።

ተመሃሪት ሆሳእና፡ ኣብ ነንሕድሕደን ዘሎ ስኒት ኣመልኪታ፡

"ነዘን ስእልታት ክንስእል ብዙሕ ኢና ደኺምና። ኣብቲ መጀመርታ ካርታ ኤርትራ ምስኣል ከቢዳትና ነይራ። ድሕሪ ክንደይ ምፍታን ድማ ክኢልናያ። እዚ ድማ ጥበብ ከም እንምሃር ገይሩና ኣሎ። ብስኒትን ፍቕርን ኢና መዓልቲ ናጽነት ንጽንብል ኣለና፡" ኢላ።

ንሕና ድማ ንኹላትኩም ተመሃሮ ሰናይ ቅነ ናጽነት ንብል።



## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ዓ | መ | መ | መ | ሃ | ዘ |
| | | ዘ | ለ | | |
| መ | ዓ | ር | ሰ | በ | በ |
| | | ገ | | | ራ |
| ሰ | ለ | ፍ | ም | ሳ | ሕ |

## ጭርሖታት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ በብዓመተ ምህረቱ

3ይ ክፋል

2007 ወፍሪ ሎሚ ራህዋ መጻኢ
2008 መኸተና መጎስ ናጽነትናን ዕብየትን
2009 መስመርና ዋሕስ ልምዓት
2010 ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
2011 ውሁድ ቅኒት ንሃገራዊ ክብረት
2012 ናጽነትና ክብረትና
2013 መኸተ ድርዕና ስራሕ ክብርና
2014 ንራህዋ ጽባሕ ሎሚ ንስራሕ
2015 ልምዓት ብጽንዓት
2016 ርብዒ ዘመን ኣብ መኸተን ልምዓትን
2017 ብርሃን ንደርማስ ምዕባለ
2018 ራእይ ብዕዮ

ይቕጽል....

ምንጪ፡ መጽሓፍ ኣብነት መዝገበ ቓላት
መም/ በሽር ዑመር (ሹም)

## ውድድር ሩቢክስ ኩብ


ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ብምኽንያት 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ሩቢክስ ኩብ ውድድር ኣካይድና ምንባርና ይዝከር።

ሎሚ ዓመት'ውን ብምኽንያት 24 ግንቦት ውድድር ሩቢክስ ኩብ ከነካይድ ስለ ዝኾንና፡ ኩልኻትኩም ክእለት ሩቢክስ ኩብ ዘሎኩም ተመሃሮ ንኽትወዳደሩ ትዕደሙ።

* ግዜ ምዝገባ፡ ክሳዕ ዕለት 20-05-2026

ክተወዳደሩ እትደልዩ ተመሃሮ ብ 07190414 ደዊልኩም ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ሰናይ ውድድር!


ርሑስ ቅንያት ናጽነት!



# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ኣደታት ሓፋሽ



ሚርያም ዮሴፍ

ሎሚ ዓመት፡ መበል 35 ዓመት ጸንበል በዓል ናጽነትና ኑብዕል ኣለና። ቀሊል ዓመታት ኣይኮነን። ብፍቕዲ ጥራይ ዘይኮነ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ሒዛቶ ብጽትመጽኢ ሓደስቲ ብደሆታት፡ ኩለን ዓመታት፡ ዓመተ ጸገማትን መኸተን እየን ነይረን እንተ በልና ምግናን ኣይኮነን። ብደሆታት ድማ ኣብሊሕናን ኣጸኒዕናን እዩ፡ ጸገማት እቲ እኹ ዋሕስ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾነ እምበር፡ ከም ህዝቢ ዝበጠምናዮ፡ ንህላወና ዝፈታትን ብደሆታት፡ ጸቢጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን።

ኣብ ታሪኽ ኤርትራ 'ጸገማት' ተራ ቃል ኣይኮነን። መለለዩና፡ መንነትናን መሰረት ህላወናን እዩ። እዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ናይ ዘይተንበርከኽነት መንፈሱ ካብቲ ዝተሓላለኸ መድረኻት ቃልሲ ንናጽነት ጀሚሩ ክሳብ ኣብ መድረኽ ህንጸት ሃገር፡ ዝተወርሰ ክቡር ባህሊ እዩ። ኤርትራዊ ጸገማት ክበሃል ከሎ እምበኣር፡ ብዙይ እተን ዓንዲ ሕቖ ጸገማትና ዝኾና ኤርትራውያን ኣደታት ኣማብዩ ምተኻእለን። ቃልስና፡ ቃልሲ ሓፋሽ'ዩ ክበሃል ስለዝኾና ኣለና። ሰራሕተኛ፡ ምሁር፡ ሓረስታይ፡ ተመሃራይ፡ ሸማቲ፡ ኣደታት፡ ኣቦታት ወዘተ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብና ኣደይ ኣደኻ ዝበሉ ናይ ሓፋሽ ቃልሲ እዩ። ንሓፋሽ ዝጸለሉ፡ ዝዓንገሉ፡ ኣደራዕ ዝተሰከሙ፡ ምስ ደቀን ዝጸየፉ፡ ምንጪ ጸገማትና ዝኾና ድማ ኤርትራውያን ኣደታትና እየን።

ቅድሚ ሓደት ዓመታት ኣብ መጽሄት ዘንበብክዎ ጽሑፍቲ ሓንቲ ካብተን ንተራ ኣደታት ኤርትራ ዘክርኣ ጽሑፋት እያ።

ኣደይ ለተኺዳን ኣርኣያ እየን ዝበሃላ። ስመን ሃሲሳ "ኣደይ ሓፋሽ" ብዝበል ሳጓ እየን ዝፍለጣ ነይረን። ልዕሊ 43 ዓመት ዝበረት ሳጓ እያ። ግዜኣን ሰፊር ተጋደልቲ እዩ ነይሩ። ተጋዳላይ ብዘመጸ መጺኡ ኣብ ቤተን ይዓርድ ምንባሩ እየን ዘዘንትዋ። ነዚ ዝተዓዘቦት ሓንቲ ተጋዳሊት፡

"እንታይ እዩ እዚ ግዜ እንዳ ሓፋሽ" ምስ በለት፡ ብኡ ኣቢላ ሳጓ ናይ ኣደይ ለተኺዳን ኮይና፡ "ኣደይ ሓፋሽ" ተባሂለን። ብሰንኪ እዛ ሳጓ ድማ ሓደ መዓልቲ ምስ ብዓል ቤተን ተኻሪየ። ከምዚ ኢለን ድማ ይዝክርኦ፡

"ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዓድና ዝበኡ ተጋደልቲ፡ ንብዓል ቤተይ ብመገሻ ጸኒሑ ዓዲ ክኣቱ ብማዕዶ ረኣየ። ብዓል ገዛይ ምኻኑ ይፈልጦ እዩ፡ ስሙ ግን ኣይፈልጦን። እቲ ተጋዳላይ፡ ኑቶም ኣብ ጎደቦ ዓዲ ዝበኡ ብጾቶም ዝለኣኽ መልእኽቲ ስለ ዝበርዩ ኣማሪጹ ኣይኣበሮን።

'ሰብኣይ ሓፋሽ፡ ሰብኣይ ሓፋሽ' ኢሉ ተደሃዮ።

ወዮ ሰብኣይ ከምዛ ዘይሰምዐ ኣሰቅጥ ኣቢሉ መንገዲ ቀጸለ። ጻውዒት ምስ ተደጋገመ ግን ግልጽ ኢሉ፡ መልእኽቱ ተቐቢሉ ዓዲ ኣተወ።

ገዛ ኮረፍ ኮረፍ እናበለ ኣትዩ፡ እናንጸርጸረ፡

'ስምዒ ንስኺ፡ ኣነ ብሰንክኺ ክዋረድ ኣይኮንኩን' በለኒ ኑዲሩ።

ኣነ ድማ ሰንቢደ 'ኢሂ'ቶም እንታይ እዩ ተረኺቡ፡ ህድኣ እንዶ በሉ ግዱ' በልክዎ።

'እንተኾኑ ቡዙ ስድራኺ ዘጠመቑኺ ስም ተጸውዒ፡ ኣይከውንንዩ እንተ ኣልኪ ከኣ ሳጓኺ ትቕይሪ - ቀይሪ፡ ኣይኮነን ብሰንክኺ ኣብ ቅድሚ እዚ ኩሉ ህዝቢ ክዋረድ ኣይኮንኩን። ስመይ ዘይፈልጦ ተጋዳላይ እዚ ኩሉ ሓላፍ መንገዲ እናሰምዖ፡ ሰብኣይ ሓፋሽ ኢሉኒ፤ ማሰሓቕ ዓድና ድማ ገይርክኒ ወዓልኪ። ሰብኣይ ሓፋሽ እኮ ሰብኣይ ኩለን፡ ሰብኣይ ብዙሓት፡ ሰብኣይ ዓዲ ምሉእ እዩ ዘስምዕ። ኣደይ ሓፋሽ እንተተባሂልኪ ትርገም ኣለዎ፡ ሓፋሽ ትዕንግሊ ኣለኺ። ሰብኣይ ሓፋሽ ግን... ካን ብሓደ ኣፊቱ። እዛ ሳጓ ተሓሸሽክያ ግርም፡ ኣይኮነን ግን እዛ ግዛ ወይ ኣነ ወይ ንስኺ ክንሰፍራ ኢና' ምስ በለ፤

'ድ! እዚ 'ተኾይኑ መሕረቚኹምሲ በሉ ደሓን፡ ልብና ደኣ ሰሉብኩምና እምበር...' ኢለ ብሰሓቕ ክርትም በልኩ።

እዛ ከመይ ዝበለት ሳጓይ እሞ እንህለት፡ መዋእላ ኣይተቐየረትን። ኣይ ሻዕቢያ እንድዩ ኣውጺኡዋ፡ ንሱ ዝበላን ዝንብራን ሰር ተሰዲዳ ብቐሊሉ ነቕ ዘይትብል፤ ኤርትራውያን ኣደታት ከኣ ሳጓ ዘለናን ዘይብልናን ኩልና ሓፋሽ ኣጸሊልና ምስ ደቅና ጐዩና ገኖ'ውን ንገዱ ኣለና። ብዓል ገዛይ ከኣ ንግዜኡ እያ ተኾርየም ነይሩ እምበር፡ ዕላማ ጠፊእዎም ኣይኮነን" ብምባል ኑቲ ህሞት ይዝክራኦ።

ቅድሚ ሓደት መዓልታት፡ ንገለ ፊለጥትተን ምስ ተወከስክዎ፡ ኣደይ ሓፋሽ፡ ኑበረት ዓደርዓዳ ኮይነን ክሳብ ሕጂ ብዘሎዋ ዘለዋ ኣዳ እየን። ዕድመ ደፊኣን ጥዕና'ውን ኣይግድን፤ ምስ ኩሉ ኩነታተን ግን ካብ ዕላላት ገድልን ቃልሰን ቦኺረን ኣይፈልጣን።

ከምቲ ኣደይ ለተኺዳን ዝበልኦ፡ ኣደታት ኤርትራ፡ ኣደታት ሓፋሽ እየን። ከም ብዓል ኣደይ ዘይኑብ ያሰኒ ምንያ ዛዋር፡ ኮምረይድ ፋና፡ ለምለም ዓሉ፡ ኣደይ ሃዋርያት፡ ማማ ሰውራ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ብቑጽሪ ተዘርዚረን ዘይውድኣ፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጸላል ዝኾና ኣደታት ኣብ መላእ ሃገር ኣለዋና። ዝኸፈላኦ ዋጋ፡ ዝበረን ሰብኣውነትን ካብኡ ዘይሰንፍ ብልሒን ግቡእ መጸናዕቲ እንተ ዝግበር፡ ኣብ ዓለም ሓደት መዳርግቲ ጥራይ ዘለዎ ታሪኽ ምተጻሕፈለን። ቃልሲ ኣደታት፡ ካብቲ ኣብ ቅድሚ ግንባር ጸላኢ በተየም ምዑታት ተቓለስቲ ኣያታትናን ኣደታትናን ዝገበር ዝበረ ቃልሲ ዘይንእስ ተራ ዘለዎ እዩ።

ኣደታት ኤርትራ፡ ንተጋዳላይ ልዕሊ እቲ ካብ ማህጸነን ዝወጸ ውላደን ብምርኣይ ሓብሒበንን ኣጸኒዐንን እየን። ተጋደልቲ እግርም ኣብ ዘንበሩሉ መሬት ኤርትራ፡ ብዘለዋ ትሕዝቶ ዓንጊሉ፡ ክዳውንቶም ሓጺቡ፡ ቁስሎም ኣሕውያ ዘይተፋት ኤርትራዊት ኣደ ኣይነበረትን። ብሰንኪ ምስ ተጋደልቲን ሰውራን ዝበረን ምድግጋፍ፡ ኣብ ዓይኒ ጸላኢ ኣትየን ዝተኣሰራን ምሐር ሕሰም ዝረኣያን ኣደታት'ውን ውሑዳት ኣይኮናን። እተን ኣብ ኢድ ጸላኢ ዝኣተዋ ጀጋኑ ምስጢር ካብ ምውጻእን ቃልሲ ካብ ምጉዳዕን ነፍሰን ንመረር መግረፍትን ስቅያትን ኣቃሊዐን በጃ ናጽነት ዝኾና ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ እየን። ኣብ ኩነት ኣእምሮ ኣደታትና ዝሰፈረ ፍቕሪ ሰውራን ህርፋን ናጽነትን ግን ብማእሰርትን ስቓይን ዝፀሮት ኣይነበረን። እኳ ደኣ ዝያዳ ጸገማት ዝኸሰኸሰ ኩነት እዩ። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ህዝብን ተጋዳላይን ዓሳን ባሕርን ንክኾኑ ካብ ዝቐሰቡ ረቛሒታት ሓደ እዩ። ሓደ ብዘይ እቲ ሓደ ድማ ክሰርር ኣይምኽኣለን። ተጋዳላይ ቡቲ ኣብ ከተማታትን ዓድታትን ኣብ ጎድኑ ዝተሰለፈ ህዝቢ፡ ኩለንትናዊ ደገፍ እንተ ዘይሰንቖ፡ ሓብራዊ ዕላማ እንተ ዘይኩሰኩሶ ራኢ ናጽነት ኣብ መላእ ህዝቢ እንተ ዘየስርጽ ነይሩ፡ ሰውራ ኤርትራ ክዕወት ኣይምኽኣለን።

ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ መስመር ጸላኢ ኣትየን ዘካይዳኦ ውድባዊ ዕማማት'ውን ቀሊል ዘይኮነ ተራ ዝበሮ እዩ። ኣብ ሕቖፎ ጸላኢ ብምእታው፡ ማእለያ ዘይብሉ ምስጢራዊ ስርሓት ብትብዓት ዓሚመን፤ ንጸላኢ ናይ ህዝቢ ደገፍ ንምንፋግን ኣንጻሩ ንምልዕዓልን ህዝቢ ኣንቂሐን ወዲበንን ኣዕጢቐንን እየን። እተን ኣብ ሓራ ዝወጸ ከተማታት ኤርትራ ዝበራ ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምውዳብ፡ ንስርዓት ደርግ ብምቅዋም፡ ፍናን ሰራዊትን ህዝብን ክቡ ኣብ ምግል ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝበረን እየን። ኣብ መረርቲ ዓውደ ኩናት'ውን ከይተረፈ፡ ንተጋደልቲ ዘድሊ መሳለጥያ፡ ማይ፡ መግቢ ሒዘን ናብ ማእከል ኩናት ጠሊሰን ብምእታው ደቀን ኣላተንን ኣሕዋተንን ዓንጊለን እየን። ንዝተወግኡ ተጋደልቲ ለውሃት ብዝተሓወሶ ሓልዮትን ሰውራዊ ሓላፍነትን ይኣልያን ይከናኸናን ድማ ነይረን።

ዝበረን ሓያል ናይ ስለያ መርበብ'ውን ሓደ ኣብቲ ኣብ ሰውራና ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝበሮ እዩ። ኣድላዪ መልእኽትታት ካብን ናብን ሜዳ ምምልላስ፡ ምንቅስቓስ ጸላኢ ምክትታልን ምሕባርን፡ ሰብ ብምስጢር ምውዳብ፡ ስርሒታት ከተማ ምፅማም ወዘተ፡ ገለ ውሑድ ካብቲ ማስተንክር ስርሓተን እዩ።

እዚ ባህሊ'ዚ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓድን ከተማን ከርጺ፡ ሕልሚ ናጽነት ብዮዝበሪ ግሁድ ክዝበራን ናብ ወለዶታት ከሻግራን ዝተቓለሳ ኤርትራውያን ኣደታት፡ ሞተር ቃልስና እየን ነይረን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ጸገሙር እዋን፡ ንደቃ ብሃገራዊ ፍቕሪ እናኾስኮሰት፡ ንሕድሪባቲ ብጽንዓት እናመርሐት፡ ኑቲ ናይ ህዝብና ናይ ምቅላስ ዓቕሚ ናብ ጥርዚ ከም ዝበጽሐ ገይራ እያ።

ኣደታት ኤርትራ ልዕሊ እዚ ኩሉ ከበራዊን ሞራላውን ኣበርክቶአን ዝያዳ ሚዛን ዝወሰኾ ግን፡ ሰልፎናዊ ጸገማተን እዩ። እታ ውሉዳታ ንቃልሲ ዘፋነወት ኣደ፡ ብጽሒት መስዋእቲ'ውን ከም እትቋደስ ተሰሊጦ ኣይነበረትን።

ኣብ ኤርትራ ኣደ ሰውእ ምኻን ግን እቲ ዝኸበረ መዓርግ እዩ። ሓንቲ ኣደ፡ ወዳ ወይ ጓላ ንስለ ሃገር ከም ዝተበጀዉ ኣብ ትንገረሉ እዋን ተራ መርድእ ኣይኮነን። እንቋዕ ንሃገሩ/ራ ገበረ ብምባል፡ ዕልልታ ዝድርጉሐ ረዚን ፍጻመ እዩ። እዚ ስልቦናዊ ጸገማት እዚ ድማ ንጸላኢ ዘርዓደ ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ጸገማቱ ዘንልበተ ባህሊ እዩ። ኣደ ንውሉዳ መረቓ ናብ ሜዳ ከተፋኑ ከላ፡ ካብ ማህጸና ዝወጸ ፍረ ብርካ ናብ ሓዊ መረቓ ተፋኑ ከም ዘላ ዘይትግንዘብ ኣደ ኣይነበረትን። ክንጾ ውልቃዊ ዋኒን ፍቕሪ ውሉዳ ዝኸይድ፡ ብዓብር ዝውፈር ሃገራዊ ዕላማ ከም ዝበረ ብምእማን ግን ንሰውራ ዘቋርጽ ዓቕሚ ሰብ መጊበን እየን።

ብሓፈሻ ተራ ኤርትራውያን ኣደታት ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ብቓላት ጥራይ ገሊጽካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ንሱ፡ ኑቶም ውሑዳት ዝኾኑ ተጋደልቲ ብኣሸሓት ዝራብሐት፡ ንጸላኢ ብትብዓታን ጸገማታን ዘሰከፈት መራሕ እያ። ናጽነት ኤርትራ እምበኣር፡ ድምር ናይቲ ኩሉ ዝተኸፍለ ዋጋ፡ ሓይሊ ህዝብን ውድባትን ከም'ኡ'ውን ወጽኢት ናይቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘርኣያኦ ዘይሕለል ጸገማትን ጥበብን እዩ። ኣደታት መላእ ሓፋሽ ብምኻን ድማ ሰውራ ሓፋሽ የዕዊተን። ኣካል ታሪኽና ጥራይ ዘይኮና፡ ባዕለን'ውን ተቐዲሐን ዘይውድኣ ታሪኽ እየን። ሎሚ ድማ ሳላ እቲ ብዮዝበሪ ዝመሃርኦ ጸገማት፡ መላእ ሕብረተሰብ ክጸንዕ ኣኽኢለን እየን። ክብርን መንሰን ኑተን ዓንዲ ሕቖ ሃገር ዝኾና ኤርትራውያን ኣደታት።

**ርሑስ ቅንያት ናጽነት ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ!**

---



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:45 | ኣኸባብራ ጸንበል ናጽነት ቤ/ት/ባርካ |
| 10:25 | መደብ እቲ ዓቢ ዛንታ 04 |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | መዘክር ታሪኽ (ንሕሉ ግን ልዕሉ-ተኣምር) 1ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መዘክር ታሪኽ (ንሕሉ ግን ልዕሉ-ተኣምር) 2ይ ክፋል |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | ማእዘን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | መደብ መዚቃ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕድገት 1ይ ክፋል |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኽ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ታሪኽ ኣብ ራብዓይ ዓመቱ

17 ግንቦት 2022 ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣፍሪቃን ዓለምን ሓዲሽ ክብረ-ወሰን ተመዝጊቡ ነይሩ።

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣልያ፡ ኣብ ዓስራይ መድረኽ ቀዳማይ ብምኳኑ "ቀዳማይ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ኣብ ግራንድ ቱር ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ" ተባሂሉ፡ ሓዲሽ መዝገብ ታሪኽ ከፊቱ።

ኣብቲ እዋን ምስ ኢንተርማርሽ ዝሰርሐ ቢንያም፡ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ንበሊጽ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣልፐሲን - ማትዩ ቫን ደር ፖል ኣሳሒ ኣብሉ እዩ ክም ላህመት ጸብሲል ኣሉ። ኣብቲ እዋን ብፍጥነት ቢንያም 'ሰዩም' ዝበለ ሆላንዳዊ ቫን ደር ፖል፡ ዓባይ ዓባይቶኡ ብምውጻእ 'እንቋዕ ሓጎሰካ' ክምዝበሎ'ውን ኣይርሳዕን።

ቢንያም፡ ነቲ ቅድሚኡ እዋን ብኣፍሪቃውያን ብፍላይ ብጸለምቲ ዘይብጻሕ ዝመስል ዝነበረ ናይ መድረኽ ዓወት ግራንድ ቱር ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ካልኦት ሓያሎ በረታት'ውን ከፊቱ እዩ።

ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ጂሮ ዲ ኢጣልያ፡ ኣብል ሊድል ትረክ - ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር ይጻወት ኣሎ።




## ኮዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ናብ መዛዘሚ ኣምሪሑ

### ዓንበርበብን ፈንቅልን ብክልቲኡ ጾታ ክራኸባ እየን

ብሰንበት 3 ግንቦት ዝፈለመ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝቐየድ ዘሎ ኮዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ትማሊ ረቡዕ ብሓሙሽተ ጸወታታት ኣብ መዓስከር ደንደን ቀጺሉ።

ኣብ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ዓንበርበብ ምስ ፈንቅል2 ተራኺበን። ዓንበርበብ 2-ብ0 ተዓዊታ። ዓንበርበብ ኣብ ካልኣይ ጸወታኣ ምስ ኣወላ ኣብ ዝተራኸበትሉ፡ ተጻወትታ ናስራ መሓመድን ቅሳነት ክፍላይን ኣብ ዝደመቓሉ ደጊማ 2-ብ0 ተዓዊታ ናብ መዛዘሚ ሓሊፋ።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ፈንቅል ንኢራብ 2-ብ1 ክትስዕራ እንከላ ዓንበርበብ ከኣ ኣብ ልዕሊ ተሰፋ ብተመሳሳሊ ወጽኢት ብምዕዋት ናብ መዛዘሚ ሰጊራ። ኣብቲ ዕለት ንካልኣይ ግዜኣን ጸወታኣን ዝቐየዳ ጋንታታት ፈንቅልን ተሰፋን ሰላቢ ጸወታ ኣርእየን። ንሰመረ ሃይለሚካኤልን ናታን የማነን ዝሓቘፈት ፈንቅል ድማ 2-ብ1 ተዓዊታ ኣሰር ዓንበርበብ ተኸቲላ ናብ መዛዘሚ ሰጊራ።



በዚ መሰረት፡ ጽባሕ ሰንበት ካብ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣትሓዚን ፈንቅል1 ምስ ዓንበርበብ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ዓንበርበብ ምስ ፈንቅል ብደቂ ተባዕትዮ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ከካይዳ እየን።

ብዘይካዚ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥንዮን ሎሚ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ቦቾዮፊላ ናይ መዛዘሚ ጸወታኡ ከካይድ እዩ። ፈስቲቫል ምስ ሳሊና ብደቂ ኣንስትዮ፡ ደምባ ሰምበል ምስ ባሕቲ መስከረም ብደቂ ተባዕትዮ ክራኸባ ምዃነን፡ ፈደረሽን ኮዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

## "ራይስ፡ ናብ ኣርሰናል ምስ ተሰጋገረ ጉህየ" ፈርናንደዝ

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ዌስት ሃም ደክላን ራይስ፡ ንማን ዩናይትድ ገዲፉ ናብ ኣርሰናል ምጽምባሩ ከምዘጉሃዮ፡ ሓለቓ ጋንታ ማን ዩናይትድ ብሩኖ ፈርናንደዝ ገሊጹ።

ራይስ ኣብ ክረምቲ 2023 - ብ105




ሚልዮን ፓውንድ፡ ካብ ዌስት ሃም ናብ ኣርሰናል ምስግጋሩ ይዝከር።

ኣብቲ እዋን፡ ማን ዩናይትድ፡ እናከፋፈለ ዝኸኣለ ተጻዋታይ ተናዲ ብምንባሩ፡ ራይስ ክጸንበራ ተተስፊዩ ነይሩ - ፈርናንደዝ።

ይኹን እምበር፡ እቲ እንግሊዛዊ፡ ካብ ዩናይትድ ንኣርሰናል ብምምራጹ፡ ናብ ሰሜን ለንደን ኣቕኒዑ። ብቐልጡፍ ሓደ ካብ ወሳኒ ተጻወትቲ ናይታ ክለብ ክኸውን ዝበቕዐ ራይስ ኣብ ምምሕያሽ ቁመና ኣርሰናል፡ ልዑል ተራ ካብ ዝተጻወቱ ሓደ እዩ። ንባዕሉ ሓደ ካብቶም ብሉጻትን ጸለውትን ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ ክኸውን ክኢሉ።

"ኩሉ ግዜ፡ ራይስ ንዩናይትድ ዝኸውን ተጻዋታይ እዩ፡ ምሳና ኣዝዩ ምተሰማምዐ እየ ዝብል ነይረ። ንኣርሰናል ምምራጹ ግና፡ ኣሕዚኒኒ፡" ክብል ድማ፡ ብሩኖ ብውሳኔኡ ከምዝተሓዝነ ገሊጹ።

ፈርናንደዝ ኣብዚ ወቕቲ ብውልቁ ዕውት ግዜ ኣብ ምሕላፍ ይርከብ። ዝሓለፈ ሰሙን ብጹሓፍቲ ኮዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ 'ዝበለጸ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ 2025-26' ዝተባህለ እቲ ፖርቱጋላዊ፡ 19 ናይ ሸቶ ቀረብት ንደቂ ጋንታኡ ቀሪቡ ኣሎ። ኣብዘን ተረፈን ዘለዋ ክልተ ግጥማት ሓንቲ ምናልባት'ውን ልዕሊኡ ምስ ዝህንደስ ከኣ፡ ምስቶም ብ20 ቀረብት ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ኣብ ቅድሚት ዝርከቡ ቴሪ ሄንሪን ኬቨን ደ ብሩይነን ክመዓራረን ክሓልፎምን እዩ። ብሩኖ፡ ኣብ ሽልማት ዝበለጸ ተጻዋታይ ናይቲ ሊግውን (ብቲ ፈደረሽን ዝወሃብ) ተሓጺዩ ኣሎ። ኣርሰናል፡ ንዝዘውሐ ኣዋርሕ ንፕሪመር ሊግ ክትመርሖን ዋንጫ ከተልዕል ክትቃረብን ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረ ዘሎ ደክላን ራይስ ድማ፡ ምስኡ ተመሪጹ ዘሎ እዩ። 23 ግንቦት፡ ዕውት ክፍለጥ እዩ።

## ኣንቸሎቲ፡ ብዛዕባ ኣብ ማድሪድ . . .

ናይ ቅድም ዓሳሚ ሪያል ማድሪድ - ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ኣብዛ ክለብ ብናይ ኣሰልጣኒ ውሳነ ጥራይ ምግዓዝ ከቢድ ምዃኑ፡ ካብ ተመኩሮኡ ኣካፊሉ።

ኣንቸሎቲ፡ ኣብ ክልተ እብረ ካብ 2013 ክሳብ 2015 ከምኡ'ውን ካብ 2021- ክሳብ 2025 ነዛ ዓርሞሽሽ ስጳኛዊት ክለብ ዓሊሙዋ። ክልተ ናይ ላ'ሊጋ፡ ሰለስተ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግን ዝርከብዎም 15 ጸዋኢት ድማ ኣዕቲሩዋ።

ንሱ፡ "ኣብ ማድሪድ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ሓሳብ ምስ ዝህልወኒ ምስ ተጻወትቲ ክዛረበሉ እየ ዝፍትን። ወላ'ውን ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ከምኡ ኢና ገይርና። ተጻወትቲ ኣካል ናይቲ ሓሳብ እምበር፡ ኑቲ ስትራተጂ ብናተይ ውሳነ ጥራይ ክሕሎፍ ኣይደልን ነይረ። ምስ ተጻወትቲ ምዝርራብ ድኽመት ኣይኮነን። ኣብ ናይ ምስልጣን ጉዕዞይ ድማ ዓቢ





ኣገዳስነት ኣለዎ፡ ምኽንያቱ ካብ ተጻወትቲ ብዙሕ ሓሳባት ስለዝመጽኣኒ። ኣንድሪያ ፒርሎ፡ ኣብ ኤሲ ሚላን ከም እናከፋፈለ ዝኸኣለ ክጻወት እንከሎ፡ ናቱ ሓሳብ እዩ ነይሩ።" ኢሉ።

ንኣንቸሎቲ ተኪኡ ኣብ ክረምቲ 2025 ንሪያል ማድሪድ ዝተቐበለ ዣቢ ኣሎንሶ፡ ምስ ገለ ተጻወትቲ ሰፊት ከምዝይሳነሮ ይግለጽ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ምስ ተባረረ ቦታኡ ብየዚያውኑት ተቐቢልዎ ዝመርሓ ዘሎ ኣልቫሮ ኣርቤሎኣ'ውን፡ ምስ ክይላን ምባፐ ዝርከቦም ገለ ተጻወትቲ ከምዘይተሰማምዐ ይሕበር። ምናልባት ብተመክሮ ትሕቲ ኣንቸሎቲ ዝሰሓ ዓለምቲ፡ ኣብዛ ብከዋኽብቲ ዝተመልአት ክለብ፡ ብናተይ ሓሳብ ጥራይ ክጉዓዙ ብምፍታኖም ዘይዕወት ግዜ ክሕልፉ ዝተቐሰቡ ከይኮኑ ድማ ይግመት።

እዚ ክምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብዚ እዋን ንሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ዝዕልማ ዘሎ ኣንቸሎቲ፡ ክሳብ 2030 ዘጽንሖ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ። እቲ ኢጣልያዊ፡ ኣብ ግንቦት 2025 ካብ ሪያል ማድሪድ ምስ ተፋነወ እዩ ነዛ ሓሙሽተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለት ዓርሞሽሽ ሃገራዊት ጋንታ ከሰልጥን ጀሚሩ። ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2002 ዝልዓለታ ጽዋእ ዓለም ድማ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ከዕትራ ትጽቢት ኣንበሪትሉ ኣሎ።

## "ደረጃ ሮናልዶ ኣይጎደለን" ዓላሚ ፖርቱጋል

ደረጃ ብቕዓት ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ናብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ምስ ምግዓዙ ከምዘይጎደለ፡ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ሮበርቶ ማርቲነዝ ገሊጹ።

ሮናልዶ ኣብ ታሕሳስ 2022 ካብ ማን ዩናይትድ ናብ ስዑዲ ዓረብ ከምዝገዓዘ ይዝከር። ገለ ወገናት ከኣ ብቕዓቱ ከምዝጎደለ ይዛረቡ እዮም። ኣብ ፖርቱጋል ምምራጹ ዘይተወሓጠሎም'ውን ኣለዉ። ማርቲነዝ ግና፡ ቀጻሊ ኣብታ ዝመረጾ ጋንታ ምስ ሓረዮ እዩ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 እውን ሓለቓኣም ኮይኑ ክጻወት ይግመት።

ደረጃ ሮናልዶ ከምዘይጎደለ ዝኾነ ምልክት ከምዘይረኣየ ዝገለጸ ማርቲነዝ "ፍሉይ ምኽንያት የብሉን። ኣብ ፖርቱጋል ኣገዳሲ ምኽንያት ኣመሳኪሩ እዩ። ድሕሪዚ ኩሉ ዓወታት፡ ናይ ዓወት ሸውሃቱ ኣይጎደለን። ከምኡ ምህላዉ ከኣ ብርቂ እዩ።" ክብል ኣድናቖቱ ገሊጹ።

ኣብዚ ወቕቲ ዛጊት ዕውት ግዜ ዘሕልፍ ዘሎ ሮናልዶ፡ 26 ናይ ሊግ ሸቶታት ብምምዝጋቡ ኣብ ቅድሚት ይርከብ፡ ሰለስተ ናይ ሸቶ ቀረብት'ውን ሃንዲሱ። ኣል ነስር፡ ንሊግ ስዑዲ ዓረብ ክትመርሖ'ውን መሪሕ ተራ ይጻወት ኣሎ።

ኣል ነስር፡ ሎሚ ቀዳም ምስ ጋምባ ኦሳካ ዝተባህለት ጃፓናዊት ክለብ፡ ናይ ኤሽያ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ዋንጫ ጸወታ ኣለዋ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤፍ.ኤ ካፕ

ቸልሲ - ማን ሲቲ 5፡00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ፕሪመር ሊግ መበል 37 ሰሙን

ማን ዩናይትድ - ኖቲንግሃም 2፡30 ድ.ቀ

ብሬንትፎርድ - ፓላስ 5፡00 ድ.ቀ

ሊድስ - ብራይተን 5፡00 ድ.ቀ

ዎልቭስ - ፉልሃም 5፡00 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ሳንደርላንድ 5፡00 ድ.ቀ

ኒውካስል - ዌስት ሃም 7፡30 ድ.ቀ

## ግምት ስቱንን ኮምፒዩተርን ኣብ መበል 37 ሰሙን ፕሪመር ሊግ

| ማን ዩናይትድ - ኖቲንግሃም | ብሬንትፎርድ - ፓላስ | ኤቨርተን - ሳንደርላንድ | ኣርሰናል - በርንሊ |
|---|---|---|---|
| ስቱን፡ 2 - 0 | 1 - 0 | 1 - 0 | 3 - 0 |
| ኮምፒዩተር፡ 2 - 0 | 2 - 1 | 2 - 0 | 3 - 0 |
| ሊድስ - ብራይተን | ዎልቭስ - ፉልሃም | ኒውካስል - ዌስትሃም | |
| ስቱን፡ 1 - 1 | 1 - 2 | 1 - 1 | |
| ኮምፒዩተር፡ 2 - 1 | 1 - 1 | 2 - 1 | |

ብዘይካዚ፡ ሎሚ ንቸልሲን ማን ሲቲን ንእተራኽብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤፍ.ኤ ካፕ ኣብ ዝሃብዎ ግምት፡ ስቱን ሲቲ 5-ብ0 ክትዕወት ክገምት እንከሎ፡ ኮምፒዩተር ሲቲ 2-ብ1 ክትዕወት ተተሰፍያ ኣሎ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ሃገራት 'ብሪክስ' ኣብ ልዕሊኣ ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ክኹንና ጸዊዓ

መንግስቲ ኢራን ኣባላት ቁጠባዊ ውድብ 'ብሪክስ' ዝኾና ሃገራት፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ብኣመሪካን እስራኤልን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ክኹንንኦ ጸዊዑ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ዓራቕቺ ኣብ ከተማ ኒውደልሂ - ህንዲ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ብሪክስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ግዳይ ዘይሕጋዊ ምትፍትሓሕን ኩናትን ምዃና ብምሕባር፡ ኣባላት ብሪክስ ንዕበለላ ሃገራት ምዕራብ ክቃወማ ኣተሓሳሰበ።

ኢራን ናጽነታ፡ ልኡላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ንምክልኻል ብምሉእ ዓቕማ ክትቃለስ ድልውቲ ከም ዘላ፡ ብጻቕጥን ምፍርራህን ኢዳ ከም ዘይትህብን ዝሓበረ'ቲ ሚኒስተር፡ ንዲፕሎማስያዊ ፍታሕ'ውን ምሉእ ተወፋይነት ከም ዘለዋ ገሊጹ።

ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ'ቲ ብኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን




ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ስርሒት ብቐጥታ ከም እተሳተፈት'ውን እቲ ሚኒስተር ወሲኹ ከሲሱ።

ካብቲ ነቲ ጉዳይ ብዝምልከት ካብ ሃገራት ብሪክስ ዝተዋህበ መግለጺ የለን።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ጉድኒ ጉድኒ'ቲ ኣኼባ፡ ሚኒስተር ዓባስ ኣራቕቺን ሩስያዊ ማዕረኡ ሰርጌ ላቭሮቭን ዝርርብ ኣካይዶም።

ኣብቲ ዝርርብ፡ ሚኒስተር ላቭሮቭ፡ ሃገሩ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ዝከኣል ዘበለ ጻዕርታት ከም እተካይድ ኣረጋጊጹ።

## እስራኤልን ሊባኖስን፡ ሳልሳይ ዙርያ ዝርርብ ኣካዪደን

እስራኤልን ሊባኖስን ሳልሳይ ዙርያ ዝርርብ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ከም ዘካየዳ፡ ኣገልግሎት ዜና ሺንዃ ንሓደ እስራኤላዊ ብዓል ስልጣን ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዝተኻየደ ዝርርብ፡ ኣምባሳደር እስራኤል ኣብ ኣመሪካ የቢኤል ሌይተርን ኣምባሳደር ሊባኖስ ኣብ ኣመሪካ ናዳ ሓማዳን፡ ከምኡ'ውን ወተሃደራውያን ወከልቲ ክልቲኣን ሃገራት ተሳቲፎም።

እቲ ዘተ፡ ኣብ ምፍታሕ ዕጥቂ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ፡ ከምኡ'ውን እስራኤልን ሊባኖስን ወጥዋጥ ዝምድና ንምፍጣር ኣብ ዘኽእለን ስምምዕ ንምብጻሕ ዘተኮረ ምንባሩ፡ ሺንዃ ገሊጹ።

እዚ ሓድሽ ዙርያ ዝርርብ፡ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህን እስራኤልን ብምጥሓስ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንሓድሕዶም ኣብ ዝከሳሰሉ ዘለዉ እዋን እዩ ተኻይዱ።




እስራኤል፡ ምስ ሊባኖስ ክኸውን ኣብ ስምምዕ እንተበጽሐ፡ ኣብ ልዕሊ ሕዝቦላህ ናይ ኣየርን መሬትን ስርሒታት ንኸተካይድ ናጽነት ክህልዋ ከም እትደሊ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ሊባኖስ ብወገና፡ ሰራዊት እስራኤል ካብ ልኡላዊ ግዝኣታ ክወጽእን ኣብ ልዕሊኣ ዘካይዶ ዘሎ ኩሉ ዓይነት መጥቃዕትታት ክኣ ደው ክብሎን እያ ትጠልብ ዘላ።

ኣምባሳደራት እስራኤልን ሊባኖስን ብመንጎኛነት ኣመሪካ ብ14ን 23ን ሚያዝያ ክልተ ዙርያታት ዝርርብ ሰላም ኣብ ዋሽንግተን ኣካይደም ከም ዝነበሩ ዝዝከር'ዩ።

እስራኤል፡ ካብ መጀመርያ መጋቢት ኣትሒዛ ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ብዘካየደቶ መጥቃዕትታት፡ ዛጊት ልዕሊ 2,700 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 8 ሽሕ ቆሲሎምን 1.2 ሚልዮን ነበርቲ ደቡባዊ ሊባኖስ ከኣ ካብ መረበቶም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።




## የመን - መንግስትን ሑትን እሱራት ንምልውዋጥ ተሰማሚዖም

መንግስቲ የመንን ጉጅለ ሑትን፡ ሙብዝሕትኦም ዕጡቓት ዝነበሩ ዝርከብዎም ልዕሊ 1,600 እሱራት ንምልውዋጥ ዘኽእሎም ብሕቡራት ሃገራት ዝተደገፈ ስምምዕ ኣብ የርዳኖስ ከም ዝኸተሙ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ዓማን - ርእሲ ከተማ የርዳኖስ ብኽልቲኦም ወገናት ንሰሰተ ኣዋርሕ ድሕሪ ዝተኻየደ ዝርርብ ዝተበጽሐ ስምምዕ ወግእ ሓድሕድ ናይታ ሃገር ኣብ 2014 ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ብዓይነቱ እቲ ዝዓበየ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ሑቲ 27 ዜጋታት ሱዳንን ስዑዲ ዓረብን ዝርከብዎም 580 እሱራት ክፈትሑ፡ መንግስቲ የመን ድማ 1,100 ናይ ሑቲ እሱራት ክለቅቕ እዩ።

ክልቲኦም ወገናት፡ ኣብ ቀጻሊ ተወሲኹ እሱራት ንምፍታሕ ዘተ ክካይዱን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ክኣ ሓባራዊ ምብጻሕ ክገብሩን ተሰማሚዖም ኣለዉ።

ኣብ ሚያዝያ 2023 እውን ክልተኦም ወገናት፡ ብኣህጉራዊ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል ኣብ ዝተወደበ ስርሒት፡ 900 ዝኾኑ እሱራት ምልውዋጦም ጸብጻባት የመልክቱ።

ግጭት ሓድሕድ የመን፡ ጉጅለ ሑቲ ንሰንዓ - ርእሲ ከተማ የመን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ድሕሪ ምእታዉ ከም ዝተወልዐ ይሕበር።



## ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ስምምዕ ከይከተመ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ንኽልተ መዓልታት ድሕሪ ዘካየዶ ምብጻሕ፡ ትማሊ ዓርቢ ናብ ሃገሩ ከም እተመልሰ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ምስ ቻይናዊ ማዕረኡ ሺ ጂንፒንግ ኣብ ዝኾነ ንግዳዊ ስምምዕ ከይበጽሐ፡ ኣብ ጉዳይ ኩናት ኢራን እውን ዝኾነ ተስፋ ከይረኸበ ናብ ሃገሩ ከም እተመልሰ እዮም ምንጪታት ዘመልክቱ ዘለዉ።



ኣብቲ እቶም መራሕቲ ዘካየድዎ ዝርርብ፡ ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ እታ ኣካል ሃገሩ ዝኾነት ደሴት ታይዋን እተካይዶ ዝኾነ ዓይነት ምትእትታው፡ ናብ ግጭት ከምርሕ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ሺ ወሲኹ፡ ነቲ ንኽልተ መዓልታት ዝቐጸለ ዑደት ፕረዚደንት ትራምፕ "ታሪኻዊ" ክብል ገሊጽዎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ብወገኑ፡ እቲ ኣብ ቻይና ዘካየዶ ወግዓዊ ምብጻሕ ጸቢቕ ወጽኢት ከም እተረኽቦ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና፡ ሃገሩ ነቲ ንኣህጉራዊ ቀረብ ጸዓት ኣመዛቢዑ ዘሎ ኩናት ኣመሪካ፡ እስራኤልን ኢራንን ብዲፕሎማስያዊ መዳይ ንምፍታሕ ዝካየድ ጻዕርታት ከም እትድግፍ ኣሕሊፉ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ድሕሪ እቲ ኣብ ቻይና ዘካየዶ ዑደት ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቻይና፡ ኣብ ምፍራይ ነፈርቲ ካብ ዝለዓለ ኣመሪካዊ ኩባንያ ቦይንግ፡ ብርክት ዝበላ ነፈርቲ ንምዕዳግ ውዕል ከም ዝገበረት እኳ እንተ ሓበረ፡ ብወገን ቻይና ግን ብዝርዝር ዝኾነ ዝተዋህበ ሓበሬታ የለን።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ቻይናዊ ማዕረኡ ኣብ ዝመጽእ መስከረም ናብ ኣመሪካ ወግዓዊ ምብጻሕ ክካይድ ዕድመ ኣቕሪቡሉ ምህላዉ፡ ማዕከናት ዜና ቻይና ሓቢረን።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰንትራል | 16/05/26 | ጎደና ናቕፋ ቁ. 18-20 ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565